
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.282 ሓሙስ 25 ሓምለ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዝተወለድናሉ ወርሒ ንባህሪና ይውክል ድዩ. . .?


ገጽ 3
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?


ገጽ 4
ሸውዓተ መፍትሕ ዓወት - (1)


ገጽ 5
ሆስፒታል ደቀምሓረን ኣገልግሎታቱን


ገጽ 7
ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ይቕጽል


## ባጽዕ - መደባት ልምዓት ንምድንፋዕ ኣብ ዝሕግዙ ጉዳያት ተዘትዩ

ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ባጽዕ ልምዓታዊ መደባት ንምድንፋዕ ኣብ ዝሕግዙ ጉዳያት - ኣብ ምእካብ ግብሪ፡ ንጥፈታት ምግራብ፡ ምዕባይ ኣታዊታት ስፖርት፡ ከቡብያዊ ጽሬት፡ ከኒታት ቀረብ ማይን ካልእን ዘትዩ።

ብ18 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይ ዝተሰላሰለ መደባት ልምዓት ጸብጻባት ቀሪቡ።

ከኒታት ቀረብማይ ከተማ ባጽዕ ኣብ ዝምልከት፡ መጠን ናይ'ቲ ካብ ከቦኒታት ናብ ዶንሊ ዝወረደ ውሕጅ ከም'ቲ ዝድለ ስለዘይኣብረ፡ ምስ ገለ ቴክኒካዊ ጸገማት ተደሚሩ ቀረብማይ ብኣሉታ ተጸልዩ ምህላዉ፣ እንተኾነ - ካብ 2022 ኣትሒዙ ብኩባንያ ዓዲሃሎ ብዝተዳደ ዘሎ ጻዕሪ እቲ ጸገም ማሰረታዊ ፍታሕ ክረኽብ ትጽቢት ከም ዘሎ ተገሊጹ።



ዛጊት፡ 15,000 ሜትሮ ከቦ ክሕዝ ዝኽእል ኣርባዕተ ኢጋንእ - ኣብ ፎርቶ ከምእተሰርሐ፣ ካብ ዶንሊ ናብ ፎርቶ ዝበጽሕ 40 ኪሎሜተር ዝንውሓቱ ቱቦታት እውን ከምእተዋደደ፡ ኣብ'ቲ ጸብጻብ በሪሁ።

ተሳተፍቲ፡ ኣታዊታት ስፖርትን ግብርን ብግቡእ ክእከብ፡ ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ጽሬት ከተማን ካልእ ልምዓታዊ ንጥፈታትን ክሓይል ዝብል ለበዋ ኣሕሊፎም።

ኣመሓዳሪ ከተማ ባጽዕ ኣቶ ሃይለ ኣስፍሃ ኣብ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ዝተረፈ ደዩ ሓደስቲ መደባት ብዝግባእ ምእንቲ ክትግበር፡ ብዓጸፋ ምስራሕ ከም ዝድለ ኣተሓሳሰበ።

## በሪኽ - ሰፊሕ ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ስራሓት ይሰላሰል ኣሎ



ኣብ ዞባ ማእከል - ሓረስቶት 21 ዓድታት ንኡስ ዞባ በሪኽ፡ ሓመድን ማይን ብምዕቃብ ጸቡቕ እቶት ንምሕፋስ ብምዕላም - ሰፊሕ ልምዓታዊ ስራሓት የሰላስሉ ኣለው።

ሓላፊ ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ማጆር መንግስትኣብ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ ኣብ ናይ ሕርሻ ቦታታትን ንፍግረ-መሬት ኣብ ዝተቓልዐ ከቡበን፡ ናይ ምዝላይ ካልእን ንጥፈታት ተካይድ ከም ዝላ ገሊጹ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ቀዳማይ ፍርቂ ናይ'ዚ ዓመት ልዕሊ 200 ሽሕ ጉልበት ዝተሳተፎ መደባት ከምእተተግበረ፡ ኣቶ ማጆር ኣረዲኡ።

ወከል በዓልስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ምሕረትኣብ ባህልቢ ድማ፡ ኣብ'ቲ መሬት ሕርሻ ብኣልማማ ንምዝላይ ዝተገደ ዘሎ ስራሕ፡ 1356 ተመሃሮ ክረምታዊ ልምዓት እውን ኣብ 7 ነቑጣታት ተመዲቦም ይሰርሑ ከም ዘለዉ ሓቢሩ።

ዛጊት ብዝተዓመ ስራሕ፡ 1,230 ሄክታር ከምእተዛለየ፣ 23,432 ሜትሮ ከቦ ከትሪ ከምእተሰርሐ - ክኢላ ምግራብ ኢንጅነር ሃና ረዘነ ገሊጹ።

## ድባርዋ - 150 ኩንታል ዘርኢ ንሓረስቶት ተዓዲሉ



ኣብ ዞባ ደቡብ - ንኡስ ዞባ ደባርዋ፡ ሓረስቶት ንዝሎ ትሰፍው ክራማት ኣብ ረቡሓኦም ብምውዓል ርቡሕ እቶት ክሓፍሱ፡ ብ18 ሓምለ ዘርኢ ጣፍ ተዓዲልዎም።

እቲ ኣብ 2022 ካብ ሓረስቶት ተዋጺኡ ተዓቂቡ ዝጸንሐ 150 ኩንታል ጣፍ፡ ኣብ 27 ምምሕዳራት ከባቢ ንዝርከቡ ስድራስውኣትን ካልኦት ጸገማትን እዩ ተመቓሪሑ።

ሓላፊ በት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ግርማይ ተስፋሚካኤል፡ ኣገዳስነት ናይ'ቲ ዘርኢ ድሕሪ ምጥቃስ፡ እቶም ሓረስቶት ብግቡእ ክጥቀሙሉ ተላቢዩ።

## ተጋዳላይ መነሊክ ተስፋይ ተሰዊኡ

ጉዳም ተጋዳላይ መነሊክ ተስፋይ ከፈይ፡ ትማሊ 24 ሓምለ - ኣብ መበል 70 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ ጥሪ 1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ መነሊክ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ዝተፈላለየ ኣሃዱታት ብሞያ ሕክምና፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ተሓጋጋዚ ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ተመዲቡ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ተጋዳላይ መነሊክ ተስፋይ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 3 ደቂን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ትማሊ ሰዓት 4፡00 ድሕሪቐትሪ፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ተሓጋጋዚ ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብማስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ መነሊክ ተስፋይ ከፈይ ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሓዙቱን ጽንዓት ተመንዩ።

# ፍናን

ዳህላክ ነጋሲ

## ዝተወለድናሉ ወርሒ ንባህሪና ይውክል ድዩ. . .?

ደቂ ሰብ ብተፈጥሮ፡ ትምህርቲ፡ ባህሊ፡ ልምዲ፡ እምነት፡ ምርጫ፡ ድሌትን ካልእ ረቛሒታትን እተፈላለየ ባህሪ ክህልወና ግድን እዩ። ምናልባት፡ ሳሕቲ ከም’ቲ ናትና ተመሳሲሊ ባህሪ ወይ ጠባይ ዘውንኑ ሰባት፡ ኣብ ከባቢና ክንረክብ ንኽእል ንኸውን። ግና - ከም’ቲ ናትና ኣተሓሳስባ ኩነ ኣጠማምታ ዘውንን ሰብ ክንረክብ ኣይንኽእልን ኢና። ምኽንያቱ፡ እቶም ኣብ ማህጸን ኣደኦም ብሓደ ዝፍጠሩን ዝዓቡን ማናቱ እውን ከይተረፉ፡ ዝተፈላለዩ ሰባት ኩይናም ኣብዚ ዓለም ስለዝነብሩ። ስለዚ፡ ኩሉ ሰብ ምስሊ ገዛእ-ርእሱ ጥራይ ዘውንን ፍሉይ ፍጡር እዩ።

ሰባት ኣዝዩ ዘደንቕ ትዕድልቲ እንውንን ፍጡራት ከም ምኳንና መጠን፡ እቲ ኣብ ተመሳሳሊ ወርሒ ዝተወለድና ሰባት ዘመሳስል ባህሪ ክህልወና ከም ዝኽእል ዝገልጽ ጽሑፋት ክንኣምኖ ኣጸጋሚ እዩ። ኣብዚ ክንዘንግዖ ዘይብልና ሓቂ፡ ዋላ ኣብ ተመሳሳሊ ወርሒ ንወለድ - ሓደ ባህሪ ክህልወና ይኽእል’ዩ ኢልካ ምምጋት ንባዕሉ ከቢድ እዩ። እቲ ዝቐርብ ጽሑፋት ምሉእ-ብምሉእ ክውክለና ወይ ክገልጸና ኣይክእልን። ምናልባት፡ እተወለድናሉ ወርሒ ንባህርያትናን ምርጫታትናን ክገልጽ ወይ ክተንብህ ከም ዝኽእል ብተደጋጋሚ ይግለጽ እዩ። በዚ መሰረት፡ ምስዚ ሓሳብዚ ዝሳነ እተፈላለየ ጽሑፋት ኣብ ጠበቕ እዋን ንምልከት ንኸውን ኢና። ንሎሚ እምበኣር፡ ብመሰረት ዝተወለድናሉ ወርሒ፡ ንውልቃዊ ባህርያትና ይኸውን ኣመላኻኽታና ዝገልጽ ጽሑፍ ሒዝናልኩም ቀሪብና ኣለና። ክቡራት ኣንበብቲ፡ ነዚ ጽሑፍ’ዚ ምስ ገዛእ-ርእስኹም ብምንጽጻር፡ ዝተወለድናሉ ወርሒ ንዓና ይገልጸና ኣይገልጸናን ንምርግጋጽ ሓብርና ንመልከት።

ኣብ ወርሒ ጥሪ ዝወለዱ ሰባት፡ ኣብ ህይወት ዝኽተልዎ ኣጠማምታ ዝተፈልየ እዩ። ናብ’ቲ ዝሓለንዎ ምዕራፍ ንኽበጽሑ ወትሩ ዝመጣጠሩ፡ ሰብ ምሉእ ተስፋን ሓያላትን እዮም። ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ እኩባት ሰባት ጽበለል ኢልካ ናይ ምውጻእ ሚላ ዝተዓደሉ እዮም። ወትሩ ህዱእን ውቁብን ህይወት ክመርሑ ይጽዕሩ። እዞም ኣብ ፋልመይቲ ወርሒ ናብዚ ዓለም ዝተቐልቀሉ ሰባት፡ ኣብ ዝምስርትዎ ጽታዊ ዝምድና ፈቃራት ኩይናም፡ ምስ ኣዕሩኽቶም ኣብ ዝህልዎም ርክብ ድማ እሙናት እዮም። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ንዘጋጥሞም ሃገራት ኣዕሚቖም ዝሓስቡሎም ምኳኖም ይንገረሎም።

ክመርሑ ዝደልዩ ኩይናም፡ ንቐረብቶም ኣዝዮም እሙናት ምኳኖም ይግለጽ። ብዘይካ’ዚ፡ ብግሉጽነቶም፡ ምቕሉልነቶምን ተባላሓትነቶምን ብዝያዳ ይልለዩ። ኣብ ህይወት ዕዉታት ኩይናም መታን ክወጹ ድማ፡ ወትሩ ዝጽዕሩን ብዘጋጥሞም ጸገማት ቀልጢፎም ኢዶም ከም ዘይህቡን ይጽወየሎም። ከምኡ’ውን ንሰባት ከዘናግዑ ዘይሽገሩን ልዑል ክእለት ናይ ምስሓብ ዝተዓደሉን እዮም። እንተኾኑ፡ እዞም ሰባት ብዙሕ ገዝዑብ



ንሶየም፡ ብቐልጡፍ ዘስተውዕሉ በሳሕቲ ኩይናም፡ ምዕሩግ ኣኩዳድና ምዝውታር ዝፈትዉን ሓድሽ ነገራት ንኽፍትኑ ኩነ ንኽፍትሹ ድሕር ዘይብሉን እዮም። ኣብ ውልቃዊ ህይወቶም ከኣ ዝያዳ ቁም-ነገረኛታትን ሕጉሳትን እዮም። ገለ ካብ ኣሉታዊ ተባሂሉ ዝግለጽ ባህርያቶም ድማ፡ ንቕጽናኦምን ስግንጢርነቶምን እዩ። ስለዚ፡ ኣብዚ ቀዳመይቲ ወርሒ ናብዚ ዓለም ዝተቐልቀልኩም ሰባት፡ ንዓኹም ዝገልጽ ወይ ዝውክል ተመሳሳሊ ባህሪ ኀፍ ኢሉኩምዶ?

ኣብ ወርሒ ለካቲት ዝወለዱ ሰባት፡- ዘውንንዎ ተመሳሳሊ ባህርያት ምስ እንዕዘብ፡ ኣዝዮም ጥዑማት፡ መስተውዓልቲ፡ ሕዉሳትን ሰላሕትን እዮም። ንሶየም፡ ሰላማዊ ህይወት ምብሮኻን ዝፈትዉ. ኣብ ርእሲ ምኳኖም፡ ዓብላሊ ናይ ምኳን ባህርያቶም እውን ገለ ካብ’ቲ ብኣሉታ ዘጥቕሶም እዩ። ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ማሕበራዊ እምነት ልዑል እምነት ኣለዎም።

ኣብ ወርሒ መጋቢት ናብዚ ዓለም ዝተቐልቀሉ ሰባት፡ ብዙሕ ጽቡቕ ባህሪ ዘውንኑ እዮም። ንኣብነት፡ ኣዝዮም ሕጉሳት፡ ተስፋኦም ብቐሊሉ ዘይቡትኹ ብኣወራኡ ድማ ሓለምቲ ምኳኖም ይንገረሎም። ብዘይካ’ዚ፡ ብቐሊሉ ምስ ካልኦት ሰባት ክቀራረቡ ዘይሸገሩን ፈቃራትን እዮም። ብተወሳኺ፡ ኣቓልቦ ሰባት ምስሓብ ዝፈትዉ፡ መኸበርቲ ሰባትን ተዋዘይትን እዮም። ለዋሃትን ሊጋሳትን ካብ ምኳኖም ዝተላዕለ፡ ባህርያቶም ሳሕቲ ከምዝኸድኣም እናፈለጡ’ኳ ክጥንጥንዎ ኣይረኣዩን። ዋላ ካልኦት ሰባት እንተ በደልዎም፡ ይቕረ ክብሉን ንነገራት ብትዕግስቲ ክፍትሹን ይረኣዩ። እዞም ሰባት ተደናገጽትን ዓቃባውያንን ከም ዝኾኑ’ውን ይዝረበሎም።

ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ዝወለዱ ሰባት፡ - ኣዝዮም ርህሩሃት፡ ፍሕሹዋት፡ ናይ ምርድዳእ መንፈስ ዘውንኑን ንኻልኦት ንምሕጋዝ ድሕር ዘይብሉን ምኳኖም ይፍለጡ። ብዘይካ’ዚ፡ ብፍሰሁ መንፈስ ክምርሑ ዝጽዕሩ፡ ደፋራትን ዝሓለንዎ ንኽበጽሑ ዘይጽገሙን እዮም። ኣብ ዝኾነ እዋን ንጡፋትን ብዙሕ ዕረፍቲ ዘይፈትዉን እውን እዮም። እዞም ብጾሰራም ባህርያቶም ዝልለዩ ሰባት፡

ስምዒታውያን ኣተባባዕትን ኩይናም፡ መንፈሳውትን ፍርሓት ፈጣሪን ከም ዘለዎም ይንገር። ብተወሳኺ፡ ኣብ ፍቕራዊ ዝምድና ልዑል እምነት ዘለዎምን ዝኾነ ስጉምቲ ንኽወስዱ ድሕር ዘይብሉን እዮም።

ኣብ ወርሒ ግንቦት ዝወለዱ ሰባት፡- መሳጢ ሰብኣዊ መንነትን ኣዘናጋዒ ባህርን ይውንኑ። ብዘኽሰት ሓድሽ ኩነት ኣብ ክንዲ ዝሸቑረሩን ዝሻቐሉን፡ ብኣንጻሩ ቀልጢፎም ክቕበልዎ ይረኣዩ። ኣብ ጉዕዞ ህይወት ዝኽተልዎ ኣጠማምታ ይኹን ኣካይዳ ብእወታዊ ስሩሓሳብ ዝተመርሐ እዩ። እዞም ናጽነት ዘለዎ ኣካይዳ ዝኽተሉ ሰባት፡ ኣዝዮም ምስጢራውያን ምኳኖም ይንገር። ኣብ ክንዲ ብስምዒት ብስነ-መጐታዊ ኣተሓሳስባ ይምእዘዙ። ግና’ኳ መስተውዓሊ ኣእምሮ ዋላ እንተሃለዎም፡ ከርዓት መሰለይ ባህርኦም እዩ። ብዘይካ’ዚ፡ ብቐሊሉ ዝሓርቑ ኣቓልቦ ክስሕቡ ዝፈትዉን ኣዝዮም ሓለምትን ምኳኖም ይፍለጥ።

ኣብ ወርሒ ሰነ ዝወለዱ ሰባት፡ - ኣብ ህይወት ዝበለጸ ነገር ክውንኑ ይፈትዉ። ከሎ ጌና ንዘረኣይዎ ነገር ክየዕምቱ ዘይጸገሙን ምሒር ተዛረብትን እዮም። እዞም ሰባት ዘመናዊ ቅዲ ኣኩዳድና ዘዘውትሩ፡ ብቐሊሉ ዝሻቐሉን ምሕዝኦት ክምስርቱ ዘይሸገሩን ምኳኖም ይንገረሎም። እዞም ብውዑይ ባህርያቶም ዝልለዩ ሰባት፡ ብዝበለጸ ካልኦት ሰባት ዝያዳ ዝሓስቡ፡ ርህሩሃት፡ ተዋዘይትን ቀልጢፎም ተጎቀፍትን እዮም። ብሰላ ዝተዓደሎም ክእለት ኣዘራርባ፡ ኣብ እኩብ ህዝቢ ከም ኮኾብ ዘብለጭልጩ፡ ንጡፋትን ኣብ ዕላምኦም ኣተኩሮም ዝሰርሑን እዮም። ብቐንዱ፡ ንዝፈትውዎም ሰባት ኣዝዮም ተኣመንቲ ኩይናም፡ ዝያዳ ኣብ ክትዕን መደረን ብዘለዎም ፍሉይ ክእለት ይልለዩ።

ኣብ ወርሒ ሓምለ ዝወለዱ ሰባት፡ - ውዕውዕ ስምዒትን ምሕዝነታዊ ባህርን ይውንኑ። ወትሩ ፍሱህ መንፈስ ዝተዓደሉን ኣዕሚቖም ዝሓስቡን፡ ንቐረብቶም ብዘይ ደረት ዝፈትውን ዝከናኸኑን እዮም። ብዘይካ’ዚ፡ በሊሕ ኣእምሮ ዝተዓደሉን ሰላማዊ ኣካይዳ ዝኽተሉን ኣብ ርእሲ ምኳኖም፡ ይቕረታን ዘመናዊ ኣኩዳድናን የዘውትሩ። እንተኾነ፡ ጠባዮም ብቐሊሉ ከተጸንዖ ስለዘጸግም፡ ካብዚ ዝተላዕለ ኣብ ዘይትግምቶ እዋን ዘይተጸበኻዮ ግብረ-መልሲ የንጸብርቑ። ግና፡ ኣዝዮም ወፋያትን ጻዕራማትን ሰራሕተኛታት እዮም።

ኣብ ወርሒ ነሓሰ ዝወለዱ ሰባት፡ - ዝጀመሩዎ ዕማም ናብ ምዕራፉ ንምብጻሕ ከይተሓለሉ ዝጽዕሩ፡ ፈቃራትን ምሒር ተጐቀፍትን እዮም። ደፍረት ዝመልኦ ኣካይዳ ድማ ይኽተሉ። እዞም ሰባት እዚኣቶም፡ ምስ ካልኦት ዘይሰማምዑ፡ ከምኡ ድማ ኣመና ሓያል ጠባይ ዘውንኑ ዝመስሉ’ኳ እንተኾኑ፡ ብኣንጻሩ ግን ንዘቐርብዎም ሰባት ኣዝዮም ለዋሃት ምኳኖም’ዩ ዝንገረሎም። እዚኣቶም ብዘኮናጸፍዎ



ዓወት ወትሩ ሕቡናት ኩይናም፡ ዓወትን ምስትውዓልን ካብ’ቲ ቀንዲ መለለይ ባህርያቶም እዩ። ንኻልኦት ብጉቡእ ዝከናኸኑን ዘፍቅሩን ኣብ ርእሲ ምኳኖም ከኣ፡ ኣብ ምሕዝነታዊ ዝምድና ልዑል እምነት ኣለዎም። እንተኾኑ፡ ቀልጢፎም ዝቐንኡን ዝሓርቑን እዮም።

ኣብ ወርሒ መስከረም ዝወለዱ ሰባት፡ - ኣዝዮም ለጦቓት ወይ ሰቡልቦናን ትሑታትን ከም ዝኾኑ ይሕበር። ኣብ ጸንከር ኩነታት ብህድኣት ዝንቀሳቐሱን ኣነቓቓሕትን እዮም። ንገዛእ-ርእሶም በዲሎም ‘ንሰብ ይጥዓም’ ዝብሉን ርህሩህ ጠባይ ዝተዓደሉን ምኳኖም ይፍለጥ። ካብ’ቲ ዝያዳ ዝፈትውዎ ወይ ዘዘውትርዎ ልምዲታት ከኣ፡ ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት ምብጻሕ ክጥቀስ ይከኣል። ብተወሳኺ፡ ሓድሽ ፍልጠት ኣብ ምብርባር ዘይሕለሉ፡ ህርኩታት፡ ልዑል ርእሱምትእምማን ዘውንኑ፡ ንኻልኦት ሰባት ክሕግዙ ዝፈትዉን ምስ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ጥቡቕ ርክብ ዝምስርቱን እዮም።

ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ዝወለዱ ሰባት፡ - ኣሕሊፎም ዘማዕድዉ ትኩራት እዮም። ብኣወራኡ ድማ ባህርያዊ ትዕድልቲ ይፈትዉ። እዞም ክእለት ናይ መራሕነት ዘውንኑ ሰባት፡ ብግሉጽነት ምምዲያጥ ቀንዲ መለለዪኦም እዩ። ካልኦት ቀልጢፎም ንኽቐጻጸርዎ ዘሸግርዎም ኩነታት፡ ንሶየም ቀልጢፎም መፍትሒ ከምጽእሉ ኣይጸገሙን። ብሓፈሻ፡ እዞም ሰባት ብናጽነት ዝንቀሳቐሱ ህርኩታት እዮም። ኣብ ልዕሊ ሰድራቤቶምን መሓዙቶምን ክቱር እምነት ኣለዎም። ኣብ ኣድላዪ ቦታ ኣዝዮም ኣገደስቲ፡ ወፋያትን ጻዕራማትን ሰራሕተኛታት ምኳኖም እውን ይንገረሎም።

ኣብ ወርሒ ሕዳር ዝወለዱ ሰባት፡- ብጽንዕን ህርኩትን ባህርኦም ዝያዳ ይልለዩ። ኣብ ፍቕራዊ ዝምድና ተሰፋኦም ባይታ ዘዘበጠ እኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ካልእ ክፋል ህይወቶም ግን መስተውዓልቲ እዮም። እዚኦቶም፡ ኣብ ዘይምልከቶም ጉዳይ ምሒር ሕቶ ዘብዝሑ’ኳ እንተኾኑ፡ ተፈጥሮኣዊ ግንዛበኦም ግን ልዑል ምኳኑ ይንገር። ኣብ ምሕዝነታዊ ዝምድና ዘለዎም እምነት’ውን ልዑል እዩ። ኣብ ፍቕራዊ ዝምድና ግን ኣዝዮም ስምዒታውያን እዮም። እዞም ብዓቃባዊ ባህርኦም ዝልለዩ ሰባት፡ ወነንቲ በሊሕ ኣተሓሳስባ ምኳኖም ይፍለጥ። ኣብ እተፈላለየ ኣጋጣሚታት ከኣ ብቐሊሉ ክዘናግዑን ክደስቱን ዘጸግሞም ኣይኮነን።

ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ዝወለዱ ሰባት፡- ኣብ ከባቢኦም ንዘዕዝብዎ ሓድሽ ትርኢት ሽለል ስለዘይብሉ፡ ብቐጻሊ ብተምሳጥ ክድህቡ ይረኣዩ። ብዘይካ’ዚ፡ ሰብ ምሉእ ተስፋ ስለዝኾኑ፡ ንኻልኦት ዘተባብዑ ቀስቃስቲ ምኳኖም ይንገረሎም። ኣብ እተፈላለየ ኣጋጣሚታት ስነ-መጐታውያን ክኾኑ ይጽዕሩ። ብተወሳኺ፡ ጽቡቕ ግርማን ዝኣድ ሰብኣዊ መንነትን ይውንኑ። እቲ ፍሉይ ባህርኦም ግን፡ ናጽነት ዝበህጉን ኣፍቃርቲ ሃገር ምኳኖምን እዩ። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ መቕርቦም ክገልጹዎም እንክለው፡ ቅኑዓት፡ ተፈታውቲ፡ እሙናት፡ ሕዉሳት፡ ለዋሃትን ተዋዛይትን ከም ዝኾኑ ይሕበሩ። የግዳስ እዞም ሰባት ብዙሕ ዓቕሊ ስለዘይብሎም፡ ንሓጺር ግዜ ክሓርቑን ቁጥዕቁጥዕ ክብሉን ይረኣዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳጶ. 1284

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሲ.ራክ ክፍለ

መበል 15 ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ብዛዕባ ዓለምለኻዊ ሕጊን ደንበታትን፡ ዓለምለኻዊ ፖለቲካ፡ ቁጠባ ባህሊ ወዘተ። ተባሂሉ ዝዝረበሉ ጉዳያት ኣስፊሕ ኣብልና ተመልኪትና፡ ኣሰዪብና ድማ ብዛዕባ መንነት ክንዝረብ።

### መንነት

ኣብ መእተዊ ናይ'ዚ ካልኣይ ቅጺ መጽሓፍ ሕብረተሰብ ካበይ ናበይ ብኸመይ? "ኣብ ሰሉታት ንኡስሲይ ከም ገዛጥንዲና ይገልጻ ነይረ። ኣብ መጀመርታ ሰብዩታት ኣዘማሪና፡ ኣብ መፋርቕ ሰብዩታትን ድሕሪኡን ከም ኤርትራዊን ክንጽኡን - ኤርትራዊ ኖርወጃዊ፡ ኣፍሪቃዊ ሰብ - ግን ንምንታይ?" ብምባል ጽሑፈይ ጀሚረ። መን ምኻነይ ንምልላይ ኣይተሳእነ። መንነት ብቐሊል ዝግለጽ፡ ሓደ ነገር ጥራይ ከምዝይኮነ ንኣንባቢ ንምድላው እዩ። ኣብዚ ዘለናዮ እዋናት መንነት ሰፊሕ ትርጉም ከምዝለዎ ንምብራህ ብዙሕ መጽናዕትን ጽሑፋትን እዩ ዝዳለ። ኣብ ቀዳማይ መጽሓፍ ሕብረተሰብ ካበይ ናበይ ብኸመይ ምዕራፍ 1 ንመንነት ብሰፊሕ ገሊጸናዮ ስለዝኾንና ኣብዚ ብዛዕባ ወለዶን መንነትን ተወሳኺ መብርሂ ጥራይ ኢና ከቕርብ።

### ወለዶን መንነትን

ኩሉ ሰብ ዓዲ-ኣቦይ፡ ዓዲ-ኣደይ ዝብሎ ቦታ ኣለዎ። ውሑዳት ከበቲታት ጉዳያት፡ መብዛሕትኡ ሰብ ብዛዕባ ትውልዲ ዓዲ ክዘረብ እንከሎ ዓዲ ኣቦኡ እዩ ዝገልጽ። ሰብ ኣሮን ኣደን ከምዘለዎ መጠን 'መንነት' ብዓዲ ኣቦ ጥራይ ምግላጹ ዝተማልአ መግለጺ ኣይኮነን። የጉዳስ ሕዞመናት ዝጸንሐ ኣቦታዊ ባህሊ ብምኻኑ ኣሰዪብና እንቕርቦ ኣብነት ኣቦታዊ ባህሊ ዝኽተል እዩ።

ኣብ ገለ ክፋል ሕብረተሰብና፡ ሸውዓተ ወለዶ ዝጸሕ ዝምድና ዘለዎም ክዋሰቡ ኣይግባእን ዝብሃል መግለጺ ኣሎ። ንኣብነት "ስርዓት ኣደከመ ምልጋእ" 1936፡ ዓንቀጽ 2 ብዛዕባ ዝምድና ክገልጽ ከሎ ከምዚ ይብል፦

*"ኣብ ሸውዓተ ወለዶ ዝጸሑ ኣዘማግድ እዮም ዝብሃሉ። ካብ ሸውዓተ ወለዶ ንታሕቲ ዘለዉ ክዋሰቡ ኣይግባኦምን እዩ። ብመሬት እንተኾይኑ ኣብ ሸውዓተ ወለዶ ብጹሕካ ኢኻም መሬት ርስቲ ኣይግብኣካን ክብልዎ ኣይክእሉን'የም። ከመይ ርስተኛ ኣብ ዝበረ ነይሩ ርስቲ'ዩ ሀብቲ ኣሉ ክሽስስን ክረኽብን እዩ ዝግበኦ። ርስቱ ዘይሽጦ እንተኾይኑ ወይ ድማ ብለዋ እንተዘይተጋሂሰ፡ ካብ ነዊሕ ዘመናት ዝብኒ ኣይብልካን ኢሎም ኣይክልክልዎን። . . ሰበኣይን ሰበይትን ክዋሰቡ ከለዉ ሰበኣይ ምስ ኣሕዋቱ ሰበይቲ ድማ ምስ ኣሕዋኣ ዝምድና የብሎምን። ደቆም ግን ኣዘማግድ እዮም። ንቤት ሰብ ሰበኣይ ውድ ሓወቦኦም ይብጽሑዎም። ንቤተ ሰብ ሰበይቲ ድማ ወዲ ኣሞኦም። . . ክልተ ጓናት ክልተ ኣሕዋት እንተኣእተዉ ሓኖታት ይበሃሉ። ደቆም ድማ ደቂ ሓትኖታት።"*

ናይዚ ልምዲ'ዚ ኣብነት "ዓደይ ወይ ዓዲ ኣቦይ" ዝብሃል ኣዘራርባ ዘለዎ ሳዕቤን/ትርጉም (Implication) ብቐለሉ መታን ክንርኢ፡ ዝሰዕብ ኣብነት ብመጸር ማይ-ቤት (ኣብዚ ማይቤት ማለት ንሓድ-ሕዶም ዘይዋሰቡ ናይ ቀረባ ኣዘማግድ ማለት እዩ) ክንርእዮ ክንፍትን ኢና። ንምጥቃሱ፡ እዚ ዝሰዕብ ኣብነት ንመሳኣ ማሕበራዊ-ጉጅለታት ኤርትራ ዝምልከት ኣይኮነን።

"ስድራቤት-ህ" ኣሮን ኣደን ክልተ ቆልዑ ዘለውዋ፡ ካብ ኣርባዕተ ማይቤት ዝቖመት እያ። እዚ ማለት፡ ናይ ኣቦ ወለዲ ካብ ክልተ ዝተፈላለዩ ማይቤት ኮይናም፡ ናይ ኣደ ወለዲ ኸኣ ካብ ካልእ ክልተ ዝተፈላለዩ ማይቤት እዮም ማለት እዩ። እዞም ኣርባዕተ ማይቤት ከኣ ንሓድሕዶም ዘይዛመዱ እዮም።

ኣቐዲምና ከም ዝጠቐስናዮ ደቂ ስድራቤት (ሀ) ካብ ማይቤት ወለዶም (ቀረባ ዘመዶም) ክዋሰቡ ኣይፍቀድን እዩ። ክልቲኦም ደቆም ካብ ዘይዛመድዎም ማይቤት መጻምድቲ ክረኽቡ ኣለዎም ማለት እዩ። ሓላፊ.ፉ ክልተ ኣሕዋት ምስ ክልተ ኣዘማግድ ምውሳብ ይረኣ እዩ። ብልምዲ ግን ኣሕዋት ምስ ዘይዛመዱ ሰባት ምውሳብ እዩ ዝተባህዐ። እዚ ዝምረጸሉ ምኽንያት ከኣ በቲ ሓደ ወገን ምስ ዘይዛመዱ ምውሳብ ዝምድና ስድራቤታት ዘስፍሕ ኮይኑ፡ በቲ ኻልእ ወገን ከኣ ኣብ ግዜ ጭእሲ ናይቲ ሓደ ነቲ ሓደ ብኣሉታ ንኸይጸልዎ እዩ። እዚ ማለት ክልተ ኣሕዋት ኣብ ዝምርዓውሉ ግዜ ብጠቕላላ ማይቤታት ን16 ይበጽሕ ማለት እዩ።

ደቂ ስድራ (ሀ) ክልተ ቆልዑ እንተወሊዶም፡ እዞም 4 ቆልዑ ከኣ ምስ ናይ ወለዶምን ናይ ኣቦሓጎታቶምን ዓባያታቶምን ማይቤታት ክጽመዱ ስለዘይፍቀድ ንሶም ዝተኻልዎ ስድራ ካብ 64 ማይቤታት ዝመጹ ክኾኑ ይግባእ። እቶም ሰዉቦም ዝመጹ 3ይ ወለዶ ስድራቤት (ሀ) ከኣ ከም ወለዶም ክልተ ቆልዑ ጥራይ እንተ ወሊዶም 8 ቆልዑ ሃልዮምም፡ ደቆም መጻመድቲ ክረኽቡ ብጠቕላላ ማይቤታት 256 ይበጽሕ። ናይቶም 4ይ ወለዶ፡ 16 ቆልዑ ከኣ ብጠቕላላ ማይቤታት ናብ 1,024 ይዓርግ። ኣብ መበል 7ይ ወለዶ ቀጥታ ደቂን ደቂ-ደቅን ስድራ (ሀ) 128 ቆልዑ ብምብጻሖም ብጠቕላላ ዘይዛመዱ መጻምድቲ ማይቤት ከኣ 65,536 ይበጽሑ። እቲ ትሕቲ 7 ወለዶ ክጽመዱ የብሎምን ዝብሃል መረዳእታ እምበኣር፡ ከም መጠንቀቕታ ንቀረባ ምጽማድ ኣዘማግድ ኣመልኪቱ ዝተባህለ ጥራይ እዩ ዝመስል።

ኣቐዲምና፡ "ዓዲ ኣቦ ማለት'ከ እንታይ ማለት እዩ?" ዝብል ሕቶ ከልዕል ኢና ኢልና ነይርና። ከምዚ ዝረኣናዮ መብዛሕትኦም ናይ ቀደም ወለድና ክዋሰቡ እንተኾይኖም ዘይዛመድዎም መጻምድቲ ካብ ጎደቦ ዓዶም ክረኽቡ ነይሩዎም። ብዮዝበራ ከኣ ከምኡ እዩ ዝግበር ነይሩ። እዚ ማለት ሰባት ወለዶና፡ ዓድና ኢሎም ክዝረቡ እንከለዉ ኣብ ሓደ እዋን፡ ኣብ ሓደ ቦታ ዝነብሩ ዝበሩ ጥራይ እዮም ዝጠቕሱ ማለት እዩ። በዚ ከኣ እተን ኣብ ኤርትራ ዘለዋ ዓድታት ኣገደስቲ ኮይነን፡ እተን ኣብኣን ዝነብሩ ሰባት ግን ካብ ዝተፈላለዩ ዓድታት ዝተዋለዱ እዮም። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ዓደይ ዝብሃል ቦታ፡ መበቆል ቦታ ናይ ሓደ ካብቶም ብዙሓት ወለደኻ ጥራይ ማለት እዩ። ወዲ ዓደይ ዝብሃል ከኣ መበቆሉ ካብ ብዙሕ ዓድታት እዩ።

ብሓጺሩ፡ ዝኾነ ኤርትራዊ 2-3 ወለዶ ንድሕሪት ተመሊሱ፡ መን ምስ መን ተዋሰበ መበቆል ቦታኦም ኣበይ ነይሩ፡ እንተ ኣጽርዩ፡ መበቆሉ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኤርትራ ምኻኑ ክየገዝዘብ ቀሊል እዩ። በዚ ከኣ ዓዲ፡ ሓደ ወለዶ፡ ኣብ ሓደ እዋን ብሓደ ዝነብረሉ ቦታ ጥራይ ማለት እዩ። እቶም ወለዶ ከኣ ቀረባ ምትእስሳር ክህልዎም ባህርያዊ እዩ። እቶም ኣብ ሓደ እዋን፡ ኣብ ሓደ ቦታ ዝነብሩ ድማ ምስቲ ቦታ (ዓዲ) ዝተኣሳሰረ ዓይነታዊ መንነት ክማዕብሉ ርዱእ እዩ።

ኣብ ገዛጥንዳ ተወሊዱ ዝዓበዩ፡ ገዛጥንዳ መወዓልኡ፡ ደቂ ገዛጥንዳ መቕረቡ፡ ናይ ገዛጥንዳ ዓይነታዊ መንነት ይሰምዖ። ምስ ኀበዘ ኣብ ቤት ትምህርትን ካልእን ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኣስመራ ዝመጹ መዋዕልቱ ኣዕርኽቱ ምስ ኮኑ ከኣ ናይ ኣዘማግድና መንነት ክሰምዖ ባህርያዊ እዩ። ከምኡ ከኣ ኣብ ካልእ ቦታ ተወሊዶም ዝዓበዩ። ንኣብነት ወዲ ከረን፡ ባጽዕ፡ ዓዲ ጉብራይ፡ ሰንዓፈ፡ ቃሮራ ወዘተ. ዝሰምዖ ዓይነታዊ መንነት ካብቲ ናይ ወዲ ገዛጥንዳን ኣስመራን ዝፍለ ኣይኮነን። እቲ ዝምድና ብዛዕባ መቕረብ፡ ዕርክነት ምስ ናይ ቀረባ መተዓብይትኻ እዩ። ንሓደ ወዲ ዓዲ ጉብራይ፡ ዓዲ ጉብራይ ሰፍራ መበቆል ናይ ሓደ ክፋል ካብ ኣቦሓጎታቱ፡ ክትከውን ትኽእል። ከምኡ'ውን ኣስመራ (ንኣብነት ኣርባዕተ ኣስመራ)። ዕርክነት ግን ብዙሓ ቦታ መበቆል ኣይኮነን፡ ብቐንዱ ብዛዕባ ኣብ ሓደ እዋን፡ ኣብ ሓደ ቦታ ዝዓበዩ ጥራይ እዩ። በዚ እዩ ከኣ ሓደ ከረን ተወሊዱ ከረን ዝዓበዩ 'ወዲ ከረን ጸዕዳ እየ' ዝብል፡ መበቆል ወለዱ ብዘየገድስ።

ገለ ውሑዳት ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን'ዚ ሓቂ'ዚ ስለ ዘይርድእዎ ካልእ ተወሳኺ ኣብነት ብዛዕባ መጻኢ ወለዶ ከቕርብ።

ብዛዕባ ዓድን ወለዶን ዝሓስብ ሰብ፡ ናይ ብልቡ እንተኾይኑ፡ ሓሳቡ ትርጉም ንኽህልዎ ብዛዕባ ሕሉፍ ወለዶ ጥራይ ዘይኮነ ብዛዕባ መጻኢ ወለዶ'ውን ክሓስብ ኣለዎ። እዚ ማለት ብዛዕባ መዋስቦቲ ደቁን ደቂ ደቁን ማለት እዩ። ኣብ ቅጺ 1 ምዕራፍ 3 መጽሓፍ 'ሕብረተሰብ ካበይ ናበይ ብኸመይ?' ብዛዕባ መንነት ወለዶን ውሉዳትን ከም ኣብነት ሓንቲ ስድራ ዓዲ ጉብራይ ኣቕሪብና ነይርና፡ ኣብዚ ድማ ንመጻኢ ወለዶ ብምሕዋስ ቅሩብ ኣስፊሕ ኣብልና ክንርእዮ ክንፍትን።

### መንነት ወለዶን ውሉዳትን

ኣብ ቀዳማይ መጽሓፍ ከም መጠቐሲ ዝወሰድናያ ሓንቲ ስድራቤት ናይ ዓዲ ጉብራይ እያ። ዓንደ ካብ ገዛ ጭዋ፡ ብዓልቲ ቤቱ ለምለም ካብ ገዛ ሎጎ ኮይኖም፡ ሳልሳይቲ መትኒ ጓለም ኣብ 70ታት ንኣመሪካ ተሰዲዳ ወዲ ዝገሬት ኣብርሃም ትምርያ ንበሉ። ፍቕሪ ሃገርም ደረኸምም ቦኽሪ ጓለም ኤርትራ ይሰምዩዋ። ኤርትራ ምስ መማህርታ ኣመሪካዊ ማይክል ትዋሰብ። ማይክል ኣብ ኣመሪካ ዝተወልደ ኣዲኡ ህንዲ ኣቡኡ ከኣ ኖርወጃዊ እዩ ንበል። ኤርትራ ብርቱዕ ሃገራዊ ፍቕሪ ካብ ወለዳ ስለዝወረሰት ወዲ ወለዳ መትከል ትብሎ። መትከል ከኣ መተዓብይቱ ቻንግ ይምርዖ። ቻንግ ኣቡኡ ቻይናዊ ኣዲኡ ኢትዮጵያዊት እዮም። መትከልን ቻንግን ዝወልድዎ ቆልዓ ካበይ እዩ ክንብሎ ንኽእል? እዚ ኣብነት ዝተጋነነ ይመስል፡ ግን መጻኢ ናይ ብዙሓት ኣብ ደገ ዘለዉ ኤርትራውያን ከምኡ እዩ።

እቲ ቀንዲ መልእኽቲ ኑዩም እዛ ንእሽተይ ኤርትራ ጌሩሓቶም፡ ዓድን ቀቢላን ሃይማኖትን ዝብሉ፡ ጸበት ኣተሓሳስባኦም ኣብ ክጽርዎ ዘይኽእሉ ምዕባለ ከምርሓም ከም ዝኽእል ንምእማት ጥራይ እዩ። ኩሉ ኤርትራዊ ምሕቋፍ፡ ምስ ብዙሓት ኤርትራውያን ምርኻብ ይውሓድ ይብዝሕ ደቕኻ ምስ ኤርትራውያን ክራኸቡን ክተዓራረኹን ዕድል ይኸፍት እዩ። ቀረባ ርክብ እዩ ከኣ ናብ ዝምድናን መውሰቦን ዘምርሕ። ብዘይ ጥርጥር፡ ዝጠዝሐ ህዝብና ኣብ ኤርትራ ስለዝዓበር፡ ኤርትራን ኤርትራውነትን ወትሩ ክቕጽል እዩ።

***

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅጺ 2 ኣልዕለም ኣገደስቲ ኣምራት ብመጠኑ ንምግላጽ ተፈቲኑ ኣሎ። መብዛሕትኦም ዝጠቐስናዮም ኣምራት ብጽሑር ሓሳባት፡ ትካላት፡ ተግባር ወይ'ውን ሕወስዋስ ሓሳባት፡ ትካላት፡ ተግባር ኮይኖም ኣብ ማእከሕ ብዙሕ ዘመናት ዝማዕበሉ እዮም።


ኣቐዲምና ናይ ምዕራብ ክኢላታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኽ ታሪኽ ምስ ኩነታት ከበባኦም ዝሰፈደ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ ሓሳባት ከምዘማዕበሉ ጠቒስና ነይርና። ብፍላይ ከኣ፡ ኣብ ምዕራብ ዝማዕበለ ቁጠባዊ ሓሳባትን ትካላትን፡ ኣብ ፍርያምነት (productivity) ሕርሻን ኢንዱስትሪን፡ ምዕባለ ቴክኖሎጂን፡ ቁጠባዊ ዕቤትን ልዑል ወጽኢት ብምርጋጹ፡ እዚ ምዕባለ'ዚ ከኣ ወጽኢት ቁጠባዊ ፖለሲን ፖለቲካዊ ሓሳባትን እዩ ተባሂሉ ተገሊጹ። በዚ ከኣ በቲ ሓደ ወገን ምዕራባውያን ሃገራትን ገበርቲ-ሰናይ ውድባቶምን፡ ነቲ ናይ ምዕራብ ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ወጽኢት (result) ሃገራት ኣፍሪቃ ክቕድሐኦ ብምትብባዕ ወይ ብምድፍፋእ፡ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ብዙሓት ኣፍሪቃውያን መራሕትን ክኢላታትን በቲ ኣብ ምዕራብ ዝማዕበለ ሓሳባት ብምድናቕ ወይ እቲ ሓሳባት'ቲ ብዘምጽኦ ወጽኢት ተማሪኾም፡ ነቲ ናይ ምዕራብ ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ሓሳባት ከምዝለዎ ብምቕዳሕ ኣብ ኣፍሪቃ ክትግበርዎ ፈቲኖም። ኣይተዓወቱን። ወይ ትሑት ወጽኢት ተረጋጊጹ። እቲ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ሓሳባት እንታይ እዩ ነይሩ? ንምንታይከ ኣብ ኣፍሪቃ ክበጽሕ ወዲቑ? ኣብ መጽሓፍ ቅጺ 1 ተመልኪትና ኢና። ኣብዚ ብሓጺሩ ናይ ደገ ሓሳባት ንምቕዳሕ፡ ታሪኽ ሃገርን ደረጃ ምዕባለ ማሕበረሰብን ኣጉዲሲ ምኻኑ ጥራይ ምጥቃስ ክኣኽል እዩ።

ዝኾነ ማሕበረሰብ ዘለዎ ደረጃ ምዕባለ ብዘየገድስ እቲ ቀንዲ ዝድለ ወጽኢት፡ ቀጻሊ ምምሕያሽ መነባብሮ ዜጋታቱ እዩ። ኣብ ካልእ ከቢ ዕዉት ወጽኢት ዘረጋገጸ ሓሳባት፡ ትካላት ምስ ወድዓዊ ኩነታት ማሕበረሰብካ ኣወሃሂድካ ተመክሮታት ምምሃር ጽቡቕ የብሉን። እዚ ንምምሃር ግን፡ ፈለማ ወድዓዊ ኩነታት እቲ ማሕበረሰብ ብዕምቈት ምርዳእ ይሓትት።

ኣብዚ ሰዒቡ ዝቐርብ "ማሕበረሰብ ኣብ ቀጻሊ ምዕባለ" ዝብል ምዕራፍ፡ ወድዓዊ ኩነታት ማሕበረሰብ (ሃገራት) ኣፍሪቃ ብፍላይ ከኣ ኤርትራ ክንድህስ ክንፍትን ኢና። እዚ ንምግባር ከኣ፡ ወድዓዊ ኩነታት ማሕበረሰብ ይገልጹ ዝበልናዮም - ማሕበራዊ ደንቢ (Social Rule)፡ ማሕበራዊ ኣገባብ (Social System)፡ ማሕበራዊ ውዳበ (Social Organization)፡ ማሕበራዊ ግርጭት (Social Contradiction)፡ ማሕበራዊ ምምዕባይ (Social change) ክንገልጽ ክንፍትን ኢና። እዚ ኣብ ምግላጽ ድማ ፍሉይ "ህንጻ ሓሳብ" (Paradigm) - ሓሳባት (Ideas)፡ ትካላት (Institutition)፡ ተግባር (Practice) - ከቕርብ ኢና።

ኣብዚ ሓፈሻዊ መረዳእታ ተሞርኩስና ድማ ኣብ ዝሰዕቡ ምዕራፋት፡ ጭብጥ ኣርእስቲ ንኣብነት ደሞክራሲ፡ ብመጸር "ትሕዝቶ" (Content)፡ "ኣገባብ" (Procedure)፡ "ወጽኢት" (Results)" ብዝተኻእለ መጠን ምስ ሃገርና ወይ ኣፍሪቃ ኣዛሚድና ክንርኢ ክንፍትን ኢና። እዚ ዝቐርብ ዘሎ ኣብነት፡ ከም መጠኒ ተረጂኡ ምስ ግዜ ብዝተፈላለዩ ክኢላታት ዝምዕብል ገደርኻ ክረአ ይግባእ።

ይቕጽል . . .



ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ሽውዓተ መፍትሕ ዓወት - (1)

መም. ፍትሓዊ እስቲፋኖስ

ኩልና ደቂ ሰባት ከም መግቢ፡ ማይ፡ መጽለሊ፡ ውሕስነት(ድሕነት)፡ ፍቕሪ፡ ክብረት፡ ነብሰ-ምትእምማን ዝኣመሰሉ መሰረታውያን ናይ ሓባር ድሌታት ኣለዉና። ኩላትና ቓንዛ ናብ ሓጎስ ናይ ምኻድ ዘኽእል ውሽጣዊ ዝምባለ ኣለና። እዚ ዝምባለ'ዚ ካብ ሕማቕ ናብ ጽቡቕ ምርጫታት ክመርሓና ይኽእል። መብዛሕትና ነዞም መሰረታውያን ድሌታት ንምምላእ ደኣ እምበር ኪንዮኦም ሓሊፍና ህይወትና እንታይ ክትከውን ከምእትኽእል ኣይንሓስብን።

ቀስ ብቐስ ውሽጣውያን ተስፉታትና፡ ሕልምታትና፡ ባህግታትና ክንርዳእ ምስእንጅምር ግን ኣዚና ክንግረም ንጅምር። ስለዚ ከኣ ምስጢር ምንባርና፡ ዕላማና ንዓኣቶም ክዉን ንምግባር ምኳኑ ከም ጸሓይ ቀትሪ ክበርሃልና ይኽእል። ዕላማታትናን ባህግታትናን ኣነጺርና ንምፍላጥ ግን ናብ ውሽጥና ቁሊሕ ምባል ከድልየና እዩ። እዚ ድሕሪ ምግባርና ጉዕዞ ህይወትና ናበይ ምኳኑ ይንጽረልና እሞ፡ ኩሉ ጸዓትና፡ ክእለትና፡ ናብኡ ነወፍዮ።

ስለዚ ንስኻ'ውን ተንስእ ተበራበር። ንህይወት ካብቲ ቕድሚ ሕጂ ዝነበረካ ኣጠማምታ ብዝተፈልየ ንኽትርእያ ተበገስ። እቲ ግዜ ሕጂ እዩ። ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ ሕልምኻ እትጭብጠሉ እዋን ሕጂ እዩ። ኣብዛ ዓለም ኪንዮ ሕልምታትካ ምጭባጥ ንምንባርካ ትርጉም ዝህብ የለን። ዕላማታትካ ብግቡእ ምንጻርን ንዕኦም ብምትግባርን ኢኻ ህይወት ብምልኣት እትነብራ።


ከማኻን ንኽም ናትካ ዕላማን ተባሂሉ ናብዛ ዓለም እዚኣ ዝመጸ ኩቶ የለን። ንስኻ ፍሉይ ዕላማ ዘለካ ፍሉይ ሰብ ምኳንካ ንንነብስኻ ንገራ። ምኽንያቱ እቲ ሓቂ ንሱ ስለዝኾነ።

## 1) መብጸዓ (እቶት-ቃል)

ምስ ነብስኻ ናብ ሓደ ንጹር ዝኾነ ዕላማ ብኣእምሮን ስምዒትን ክትውፈ መብጽዓ እቶ። ኣብዚ እዋን'ዚ እንታይ ትገብር ወይ ኣብ ከመይ ዝበለ ኹነት ኣለኻ? ሕልምታትካ ኣብ ምትግባር ዲኻ ዘለኻ? ወይስ ካብ ሓደ ናብቲ ካልኣይ ሰሙን ዘሰጋግሩኻ ዝሓሹ ትብሎም ነገራት ኢኻ እትዓዪ ዘለኻ? ብኻልእ ኣበሃህላ ንስለ ምህላው ዲኻ ዘለኻ ወይስ ብሓቂ ትነብር ኣለኻ? ኣብ ሕልምታትካ ትነብር እንተደኣ ሃልኻ ግርም። ኣብ መንገዲ ዓወት ኣለኻ። ብኣንጻሩ እንተደኣ ሃሊኻ፡ ማለት ሕልምታትካ ኣብ ምትግባር እንተዘይ ሃሊኻ ወይ ሕልምታትካ እንተዘይ ነጺሮምልካ'ውን ዘጨንቕን ዘጉህን የብልካን። ካብ ሕጂ ብሓድሽ መንፈስን ሓይልን ተበጊስካ ዓበይቲ ዓወታት ክትጭብጥ ከም እትኽእል እመን። ናይ ብሓቂ ዕዉት ህይወት ንኽተሕልፍ መጀመርያ ክትበጽሖ እትደሊ ሕልሚ ምስ ዝህልወካን ከተነጽሮን ምስ እትኽእልን እዩ። ኩሉ ነገር ውጺኢት ሓሳባት ስለዝኾነ ኣተሓሳስባኻ ኣዕቢ። ሓደ ነገር ፈለማ ኣብ ሓንጎል ምስ ተፈጥረ እዩ ናብ ክውንነት ዝመጽእ።

ናይ ብሓቂ ክትዕወት እንተደሊኻ ቅድም ቀዳድም ሕልምኻ/ራኢኻ ከተነጽርን ንዕኡ ክትውፈን ንሓንጎልካ ከተእምኖ ኣለካ። ዓወትካ ኣብ ግዝፊ ሕልምኻ ከምዝምርኮስ ውን ኣይትዘንግዕ። ማለት ንእሽቶ ሕልሚ እናሓለምካ ዓቢ ዓወት ክትጭብጥ ኣይትጸበ። ኩሉ ነገር ውጺኢት ሓሳብ ስለዝኾነ ዓበይቲ ሓሳባት እሞ ሕሰብ ዓበይቲ ዓወታት ክትኋናጸፍ ኢኻ። ኣብዚ ክትዝንግዖ ዘይብልካ ነገር ኣሎ። ንሱ ከኣ ንስኻ ዝደለኻዮ ክትገብር፡ ዝደለኻዮ ክትከውን እልኡ ዝተርፍ ዓቕሚ ከምዘለካ ምፍላጥ እዩ። ሕልምኻ ኣነጽር፡ ንዑኡ ንምጭባጥ ተወፊኻ ስርሓሉ፡ ተኽእሎታት እምበር ዘይተኽእሎታት እንሓሰብካ ኣይትጎዓዝ። እመን እንተኣሚንካ ክትዕወት ኢኻ።

ዕላማኻ ክውን ንምግባር ኩሉ ተግባራትካን ሓሳብካን ናብኡ ግበሮ። መዓልታዊ ንጥፈታትካ ምስ ዕላማታትካ ዝቃደዉ ክኾኑ ኣለዎም። መጀመርያ ግን እቶም ሕልምታት ናትካ ምኳኖም ኣረጋግጽ። ሰባት ዝመሰሎም ዝሓይሽ መሲሉ ዝተራእዮም ከማኽሩኻ ይኽእሉ እዮም። ነቲ ዝበልኹ ከይመመኻ ትቕበሎ እንተኾይንካ ግን ክትጸድፍ ኢኻ። ስለዚ ብርግጽ እቶም ናተይ እትብሎም ሕልምታት ከተነጽሮም ኣለካ። ብድሕሪኡ ዝስዕብ ነቶም





ናይ በሓቂ ህልምታትካ ተወፊኻ ምስራሕ እዩ።

## 2) ክፉት ኣእምሮ ምውናን

ኣብ ህይወት ከምዘለዎ ኮይኑ ዝቕጽል ነገራት ዳርጋ የለን ምባል ይከኣል። ሂወት ኣድማስ ከኣ ብዓቢኡ ምስ ግዜን ኩነትን ለውጢ የሪኢ እዩ። ክትዓቢ እንተኾይንካ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኣብ ኣተሓሳስባኻን ኣካይዳኻን ለውጢ ንምግባር ኣእምሮኻ ክፉት ግበሮ። እዚ ክትሓስቦ ከለኻ ቀሊል መሲሉ ክረኣየካ ይኽእል'ዩ። እቲ ሓቂ ግና ኸምኡ ኣይኮነን። እቲ ዓቢ ሊቕ ፊዚክስ ይስሓቕ ንዊተን ኣብ ሕግታት ምንቅስቓስ ኣብ ዝብል ክልሰሓሳባቱ "ሓደ ነገር ኣብ ምንቅስቓስ እንተደኣ ሃልዩ ስቕ ኢሉ ጉዕዞኡ ክቕጽል እምበር ደው ክብል ኣይደልን። ደው ከብሎ ንዝፈተነ ባእታ/ ሓይሊ ተቓውሞ የሪኢ። ጠጠው ኢሉ እንተደሃልዩ ከኣ ኣብ ዘለዎ ክኸውን ስለዝደሊ ዝኾነ ከንቀሳቕሶ ንዝደሊ/ዝፈተነ ሓይሊ ተቓውሞ የሪኢ።" ክብል ገሊጽዎ ኣሎ። ንሱ ከም ኣብነት ዝጠቐሶ ከኣ ክትከይድ ዝጸንሐት ኣውቶቡስ ሃንደበት ጠጠው ምስ እትብል ንሕና(ነብስና) ንቕድሚት ነቕ ንብል። ነቲ ደው ክንብል ዝገበረ ሓይሊ ልጓም ንቃወሞ ኣለና ማለት እዩ። ጠጠው ኢላ ዝጸንሐት ኣውቶቡስ ብግስ ክትብል ከላ ንድሕሪት ናዕ እንብለሉ ምኽንያት ከኣ ኣብታ ዝጸናሕናያ ኮፍ ኢልና ክንቕጽል ስለ እንደሊ ኢና፡ ነቲ ክንብገስ ዝገበረ ሓይሊ ሞቶር እንቃወሞ። እዚ ባህርያዊ ነገር እዩ። ብተመሳሳሊ ኣእምሮና'ውን ሓደስቲ ነገራት ኣብ ምቕባል ዘየዕጠጠ ኣይኮነን። ነዚ ናይ ምዕጥይጣይ ባህሪ ብምእላይ ዝደለናዮ ለውጢ ከምንቕበል ማለት ክፉት ክምንኸውን ምግባሩ እምበኣር ዕዉታት ኣብ ምኳንና ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ሰብ ዝሓለሞ እዩ ዝኸውን ዝብል ኣበሃህላ ቦኽሪ እዝንኻ ኣይኮነን ዝኸውን። እቲ እትደልዮ እሞ ሕለም ክትረኽቦ ኢኻ።

ብሕልምኻ እሞ ንበር ኩሎም እቶም እትደልዮም ነገራት ናባኻ ክመጹ ክትሪኢ ኢኻ። ኣይትገረም እዚ ብሕጊ ስሕበት ናይ ግድን ክኸውን እዩ። ኣብዚ ኣድማስ ንዓኻን ከማኻን ዝመስሉ ባእታታት ኣለዉ ስለዚ ሕልምኻ እሞ ኣነጽር ናብኣቶም ገጽካ ክትጎዓዝ ኣብ ዝጀመርካሉ ክትሕገዝን ክትሕጎስን ኢኻ። ምስቶም ከማኻ ዘመስሉ እምበር ምስቶም ዘይመስሉኻ እንተሃሊኻ ክትዕወት ኣይትኽእልን ኢኻ። ምኽንያቱ ምስቶም ዝመስሉኻ እምበር ምስቶም ዘይመስሉኻ ክትወሃሃድ ኣይትኽእልን ኢኻ። ነዚ ዝገልጽ ሓሳብ ኣብ ኬምስትሪ ኣሎ። እቶም ሓደ ዓይነት ከሚካላት(ባእታታ) ይወሃሃዱ(Like dissolves like) ከኣ ይብል።

እንተደኣ ብሓቂ ኣብ ሕልምታትካ ትነብር ኣለኻ፡ ብዙሓት ሰባት ባኣኻ ክምስጡን ክሕግዙኻን እዮም። እዚ ከኣ ንዓወትካ ሓጋዝን ኣቃላጣፍን ምኳኑ ከቶ ኣይትጠራጠር። እንተደኣ ብሓቂ ኣብ ሕልምታትካ ትነብር ኣለኻ ኩሉ እትረኽቦ ዘበለ ናይ ኣጋጣሚ ዘይኮነ ብሕጊ ስሕበት ዝፍጸም ከምዘሎ ክርደኣካ እዩ። ይኹን እምበር ንዝጎንፉኻ ሓደስቲ ክስተታት ብኽፉት ኣእሙሮ ክትቅበሎም እንተዘይ ኪኢልካ ኣይክዕወትን ኢኻ። ስለዚ ብርግጽ ኣብ ሕልምታትካ ትነብር ከምዘለኻ እንተደኣ ኣሚንካ ኣይትጠራጠር ኩሉ እትደልዮ ብሕጊ ስሕበት ክትረኽቦ ኢኻ። ኣእምሮኻ ጥራይ ንሓድሽ ለውጢ ክፉት ግበሮ።

## 3) ዘይምሕላል/ ምጽናዕ

ዕላማኻ ኣነጺርካ ንዝገጥሙኻ ለውጥታት ብኽፉት ኣእሙሮ ምምርማርን ኣገደስቲ ስንቅታት ዓወት ምኳኖም ዝከሓድ ኣይኮነን። ይኹን እምበር ንሶም ጥራይ ዘይምኳኖም ክንግንዘብ ኣገዳሲ እዩ። ከምሰብ ኣብ መንገድኻ ብዙሕ ትጽቢት ዘይገበርካሎም ነገራት ክጎንፉኻን ክትደክምን ትኽእል ኢኻ። የግዳስ እቲ እንኮ ምርጫኻ ከይተሓለልካ ኣብ ዕላማኻ ጸኒዕካ ምቕጻል ምኳኑ እንተኣሚንካ ጥራይ ኢኻ ክትዕወት እትኽእል። ዘቋርጹ ኣይዕወቱን ዝዕወቱ ከኣ ኣየቋርጹን ዝብል ሓሳብ ቅናትካ ገይርካዮ ክትጎዓዝ ኣለካ። እንተዘይ ተሓሊልካ ጥራይ ኢኻ ዓወት እትረኽባ። እንተጸኒዕካ ጥራይ ኢኻ ካብ ሓደ ደረጃ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክትድይብ እትኽእል።

ሓደ ግዜ ሓደ ሰብኣይ ናብ ሓደ ፍሉጥን ህቡብን መምህር መንገዲ ዓወት በየን ምኳና ክሓቶ ከደ። እቲ ካባ ዝተኸድነ ጨሓም መምህር ዝኾነ ቃል ከየምሎቐ ናብ ሓደ ርሑቕ ቦታ ኣመልከተ። እቲ ሰብኣይ ከኣ ብህንጥዩነት ናብቲ ዝተባህሎ ኣንፈት ተዓዘረ። ሃንደበት ግን ብዓውታ ዝጽዉዕ ድምጺ ሰምዐ። ስለዚ ከኣ ደኺምዎ፡ ጽርውርዉ እናበሎ ዝተባህሎ ተገግዩ እንተኾይኑ ብኣግርሞት እናሓሰበ ተመልሰ። ምስ ተመልሰ ከኣ ነቲ ከም እንደገና እታ ሕቶ ሓተቶ። እቲ መምህር ውን ደጊሙ ናብታ ኣቐዲሙ ዘመልከታ ኣንፈት ኣመልከተ።

እቲ ሰብኣይ ከኣ መሊሱ ኸደ። ሕጂ ግን እቲ ጸዊዒት ብርቱዕን ኣእዛን ዘጽምምን እዩ ዝነበረ እሞ ወዮ ሰብኣይ ኣዝዩ ደኺሙ፡ እናደመየን ምሒር ተሰላቺዩን እናንጸርጸረን "ዓወት ኣበይ ከምእትርከብ ሓቲተካ በቲ ዝበልካኒ ከኣ ኸይደ። ብዘይካ ድኻም ግን ወላ ሓንቲ ፍረ ኣይረኸብኩን። ሕጂ ብኢድካ ምምልካት ገዲፍካ ተዛረብ" በሎ። ሽዑ እቲ መምህር "ቀሩብ ጥራይ ቀጽል" ኢሉ መለሰሉ።

ሕልምታትካ ንምጭባጥ ተግባራውያን ዝኾኑ መደባት ኣውጽእ። መዓልታዊ ናብ ሸቶኻ ከብጽሑኻ ዝኽእሉ ስጉምትታት ውሰድ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ኽትዕወት ኢኻ። ዕላማታትካ ወላ ኣዝዮም ዓበይቲ ይኹኑ፡ እቲ ኣብ መወዳእታ ክትጭብጦ እትደሊ ኣብ ሓንጎልካ ስኢልካዮ እንተተበጊስካን ብቐጻሊ ናብኡ ከብጽሑኻ ዝኽእሉ ስጉምታትን ትወስድ እንተኾይንካ ክትዕወት ግድን እዩ።

ኣብ ጉዕዞ ህይወት መሰናኽላት ከጓንፉ ንቡር እዩ። ናይ ተጻዋርነት ዓቕምኻ ኣብዚ እዩ ዝምዘን። ተጻዋርነትካ ትሑት እንተኾይኑ ኢድካ ክትህብን ከተቋርጽን ኢኻ። ልዑል እንተኾይኑ ግን ክሳዕ እትዕወት ከይተሓለልካ ጻዕርኻ ትቕጽል።

***

# ሆስፒታል ደቀምሓረን ኣገልግሎታቱን

ብስራት ተመስገን

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ትርከብ ሆስፒታል፡ ንኸባቢ 300 ሽሕ ዜጋታት ኣገልግሎት ጥዕና ትህብ። ካብ መወከሲ ሆስፒታል ኩይና ድማ ንኡሳን ዞባታት ደቀምሓረ፡ ሰገነይቲ፡ ማይ-ዓይኒን ጸሮናን ሰፊሕ ኣገልግሎት ትህብ።

ዶ/ር የሴፍ የማ፡ መዲካል ዳይረክተር ሆስፒታል ደቀምሓረ እዩ። ህዝቢ ናይ'ዘን ንኡሳን ዞባታት ድማ፡ ሳላ'ዛ ሆስፒታል፡ ካብን ናብን እናተንቀሳቐሰ ዘጥፍኦ ዝነበረ ናይ መጓዓዝያ ወጻኢታትን ድኻምን ተወጊዱሉ ከምዘሎ'ዩ ዝሕብር። እቲ ምኽንያት ከኣ፡ ዝጠዝሐ ናይ'ቲ ናብ ኣስመራ ከይዶም ዝረኽብዎ ዝነበሩ ኣገልግሎት ሕክምና፡ ኣብ'ዛ ሆስፒታል ተዋዲዱሎም ስለዘሎ እዩ። ናይ ዓጸሚ ማህረምትን ልዕሊ ክሳድ ዘጋጥም ሓደጋን ግን፡ ንዝለዓለ ሕክምና ናብ ኣስመራ እየም ዝልኣኹ።

ኣብ ሆስፒታል ደቀምሓረ፡ ኣርባዕተ ዶክተራትን ሓሙሽተ ብማስተርስ ዲግሪ ዝተመረቑ ነርሳትን ኣለዉ። ንኣየም ድማ፡ ንተመላላሲ ሕሙማት ብስሩዕ ዝሕክሙ እየም። እዚ ሆስፒታል፡ ኣብ 17 ክፍልታት ዝተኸፈለ እዩ። ገለ ካብ'ተን ክፍልታት ድማ፡ ክፍሊ ተመላላሲ ሕሙማት (OPD)፡ ክፍሊ መደቀሲ ሕሙማት፡ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት (Emergency)፡ ክፍሊ መወለዲን፡ ክፍሊ ኤክስረይ፡ ክፍሊ ላብራቶሪ ክፍሊ መብጣሕትን ካልኦትን ምጥቃስ ይከኣል። ምስዚ ኣቓዲሙ ዝተጠቕሰ ተተሓሒዙ ዝኸይድ፡ ናይ ዓባይ-ሰዓል ክሊኒክን (TB clinic) ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. ኤይድስ ኣገልግሎት ዝህባ ክፍልታትን'ውን ኣለዋ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ትሕቲ'ዚ ሆስፒታል ዝመሓደራ ንተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት ኣገልግሎት ዝህባ፡ ክታብት ዝዕደላሉን ንኡስ ጸሬት ቅድሚ ሕርሲን ድሕሪ ሕርሲን ዝካታተላን ኣርባዕተ መደበራት ጥዕና ይርከባ።

ኣብ ሆስፒታል ደቀምሓረ፡ ናይ ምርኣይ ጸገም ዘለዎም ሕሙማት፡ ካብ'ቲ ዝዓበየ ክሱብ'ቲ ዝንኡስ ኣገልግሎት ዝረኽብሉ ክፍሊ ሕክምና ዓይኒ እውን ኣሎ። ሕክምና ስኒ ናይ'ዚ ሆስፒታል እውን ሓደ ካብ'ቲ፡ ሕሙማት ኣብ መደቀሲ ክፍሊ ኩይናም ናይ ኤክስረይ ኣገልግሎት ዝረኽብሉ ዘመናዊ መሳርሒታት ተዋዲዱሉ ኣገልግሎት ዝህብ ዘሎ'ዩ። ትሕቲ ሚዛን ዝወለዱ ናጽላታት ደቂሶም ግቡእ ሕክምና ዝረኽብሉ ክፍሊ'ውን ኣብ'ዚ ሆስፒታል ተዋዲዱ ኣሎ። ኣብ 2023 ዝጀመረ ሓድሽ ክፍሊ ፍዝዮተራፒ እውን ኣብ ሆስፒታል ደቀምሓረ ኣገልግሎት ዝህብ ዘሎ እዩ።

ኣብ ክፍሊ መብጣሕቲ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት መብጣሕቲ'የም ዝካየዱ። ገለ ካብኡ፡ ኣብ ግዜ ወሊድ ዝተሸገራ ኣደታት፡ ኣብ'ዚ ክፍሊ ግቡእ መብጣሕቲ ይግበረለን። ንኣብነት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ወርሒ ናይ'ዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት፡ ካብ ኣርባዕተኦን ንኡሳን ዞባታት ካብ 100-150 ኣደታት ኣብ'ዚ ክፍሊ ብመብጣሕቲ ክሓርሳ ክኢለን። ኣብ ልዕሊ'ዚ ድማ፡ ምስ'ቶም ካብ ኣስመራ ዝመጽኡ ስፐሻሊስት ሓኪይም ብምልፋን፡ ኣብ'ዚ ሆስፒታል ሓፈሻዊ ዓበይቲ መብጣሕትታት ይካየድ እዩ። ከም ጸጸር ሓሞት፡ ሕጽረት ሽንቲ፡ ኤርንያ፡ በንቲሽት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ኣካላት ዝኸሰቱ ዓይነታት ጥረ ናይ ሰብነት፡ ናይ ማህጸን ምስ ፍረ ኑበሲ ወዲ ተባዕታይ ዝተሓሓዙ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሕማም ከኣ፡ ገለ ካብ'ቶም ምስ ስፐሻሊስት ሓኪይም ብምልፋን ኣብ'ዚ ክፍሊ መብጣሕቲ ዝካየደሎም እዮም። ኣብ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ወርሒ ድማ፡ ምስ'ዞም ስፐሻሊስት ሓኪይም ብምዃን ኣሰታት 96 ዓበይቲ መብጣሕቲ ኣብ ሆስፒታል ደቀምሓረ ተኻይዶም። ብተመሳሳሊ ኣብ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ወርሒ 245 ናእሽቱ መብጣሕቲ፡ ብዓቕሚ ናይ'ቲ ሆስፒታል ተኻይዶም'የም። ካልእ፡ ካብ ጥሪ ክሳብ ሰነ ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ኣብ'ዚ ሆስፒታል፡ 47 ኣደታት ብመብጣሕቲ ክምዝሓርሳ ተገይሩ። ካብ 2020 ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ኣብ'ዚ ሆስፒታል ኣብ ዝተገብረ ናይ ሕርሲ ኣገልግሎት፡ ሞት ናይ ኣደን ዕሽልን ከምዘይተራእየ ከኣ ጸብጻብት ናይ'ቲ ሆስፒታል የረድኡ።

እዞም ኣብ ሆስፒታል ደቀምሓረ ዝተኻየዱ መብጣሕታት፡ ኣብ ህዝቢ ዓቢ ሩፍታ ከም ዝፈጠሩን ህዝቢ ካብ ናይ መጓዓዝያ ወጻኢታትን ካልእ ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ክሳራታትን ድሒኑ ከምዘሎ ከኣ ዶ/ር የሴፍ የማ ይሕብር።

ኣብ መዳይ መብጣሕቲ ዓይኒ እንተ መጺእና፡ ኣብ 2023፡ ናይ ምርኣይ ጸገም ዝነበሮም ኣሰታት 465 ሰባት፡ ዕወት መብጣሕቲ ከምዝተኻየደሎም'ዩ ዶ/ር የሴፍ ዘረድኦ። እዚ ኣብ ሓበላ ዓይኒን ቅርኒብ ዓይኒን ዝተገበረ መብጣሕቲ ኣብ ክልተ ዙርያ እዩ ተኻይዱ። እቲ ቀዳማይ ዙርያ፡ ሓካይም ዞባ ደቡብ ተኣኪቦም ዘካየድዎ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ዙርያ ድማ፡ ካብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝመጽኡ ወጻእተኛታት ሓካይም ዝገበርዎ መብጣሕቲ ዓይኒ እዩ። ኣብ'ቲ ምስ ወጻእተኛታት ሓካይም ብምዃን ዝተኻየደ መብጣሕቲ ናይ ዓይኒ፡ ሓካይም ዞባ ደቡብ ብዙሕ ተመክሮ ክረኽቡ ከምዝሓገዞም፡ ዶ/ር የሴፍ ወሲኹ የረድእ።

ኣብ ክፍሊ ፍዝዮተራፒ፡ መልመስቲ፡ ማህሰይቲ ሕቖን ምጭባጥ ጅማውትን ዘጋጠሞም ዜጋታት ኣገልግሎት ይረኽቡ። እዚ ክፍሊ፡ ኣገልግሎት ካብ ዝጀምር ሓደ ዓመት ጥራይ'ኳ ገይሩ እንተሎ፡ ከም ኢንፍራረድ (infrared)ን ኤልክትሮትራፒ (electro-therapy)ን ዝኣመሰሉ ዘመናዊ መሳርሒታት ዝዓጠቐ ብምዃኑ፡ ዛጊት ንብዙሓት ዜጋታት ቀሊት ዝዘለ ኣገልግሎት ክህብ በቒዑ ከምዘሎ ዶ/ር የሴፍ ይሕብር። ቅድሚ እዚ ክፍሊ ምቛሙ ግን፡ ተገልገልቲ ናብ ኣስመራ እናኸዱ'የም ዝሕከሙ ነይሮም። እቲ ንፍወሳ ዝወስዶ ግዜ፡ ካብ 15 ክሳብ 20 መዓልቲ ብምዃኑ ከኣ፡ ኣብ ሕሙማት ዓቢ ተጽዕኖ ከምዘበር ገሊጹ። ካልእ፡ ክፍሊ ፍዝዮተራፒ፡ ብህዙብን መዋእለትን ዝተዋጽአ ጾሓያዊ ጸዓት ስለ ዝተዋደደሉ፡ ኣብ ዝህቦ ኣገልግሎት ዕንቅፋት የብሉን። እዚ ከኣ ኣብ ተገልገልትን ሓካይምን ዓቢ ሩፍታ ፈጢሩ ኣሎ። እቲ ዘሎ ሓደ ሓደ ዘይተማልአ ሕጽረታት፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክዋደደሎም ኣብ ትጽቢት ከምዝርከቡ ከኣ ዶ/ር የሴፍ የብርህ።

መጠነ ሞት ሞት ኣብ ህጻናት ከምኡ'ውን ቁልዑ ክርአ ከሎ ኣዚ ዝሰዕብ ይመስል። ሓፈሻዊ ኩነታት ኣየር ን/ዞባ ደቀምሓረ፡ ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ መጋቢት ዝጸንሕ ከበድ ቁሪ ዝዕብለሎ'ዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ድማ ብዙሓት ቁልዑ ብሕማም ኒሞንያ ይጥቀዑ። እዚ ከኣ ንመጠነ ሞት ህጻናት ኪጋድዶ ጸኒሑ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዝተኣታተወ ክታብት ኒሞኒያ ግን ንመጠነ ሞት ህጻናት፡ ኣዝዩ ክምዝጐድሎ ገይሩዎ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣሰታት 67% ኣደታት፡ ኣብ ሕክምና መጺኤን ናይ ሕርሲ ኣገልግሎት ስለ ዝረኽባ ድማ፡ ንመጠነ ሞት ህጻናት መሊሱ ከምዝጐድል ክገብሮ ክኢሉ ከምዘሎ ዶ/ር የሴፍ ይገልጽ።

ኣብ ን/ዞባ ደቀምሓረ፡ ብዙሓት ሓረስቶት ሰብ ማል ኣለዉ። በዚ ምኽንያት ድማ ብርክት ዝበለ ጸባ ንመሸጣ ኣብ ዕዳጋ ይውዕል። ዓዳጋይ ድማ ነቲ ጸባ ብዙሕ ከየፍልሐ ወይ ኣርጊኡ ይሰትዮ። ብሰንኪ'ዚ ከኣ፡ ናብ ሕማም ብሩሴላ ይቃላዕ። ዘይፈልጠ ጸባ ብምስታይ ዝስዕብ ብሩሴላ፡ ኣብ መሊጋጊ ኣካላት ዘጥቅዕ ዓይነት ሕማም'ዩ። ነዚ ሕማም ንምዕጋት ድማ ምስ ምምሕዳር ን/ዞባ ደቀምሓረ ከምኡ'ውን ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ን/ዞባ ደቀምሓረ ብምርድዳእ፡ ሓረስቶት ኣብ ከብቶም ስሩዕ ክታብት ክገብሩ፡ ሰባት ድማ ጽሬቱ ዝተሓለወ ጸባ ክምገቡ ዝጸውዕ ገስጋሳትን ኣስተምህሮታትን ክምዝወሃብ ተገይሩ።

እተን ኣብ ትሕቲ'ዚ ሆስፒታል እናተመሓደራ ኣገልግሎት ዝህባ ኣርባዕተ መደበራት ጥዕና፡ ኣብ ማእከል ከተማ ደቀምሓረ፡ ኣብ ዓላ፡ ኣብ ማይ ዕዳጋ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ፈቓይሕ ዝተደኮና እየን። እዚኣተን ንብዙሕ ህዝቢ ዝሸፈነ ኣገልግሎት'የን ዝህባ። ብዓቕመን'ውን ከም ክፍሊ ተመላላሲ ሕሙማት፡ ክፍሊ ክትትል ቅድሚ ሕርሲ፡ ክፍሊ ክታብት ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናትን ካልኦትን ዝሓቖፋ እየን።

ጽሬት ሆስፒታል ደቀምሓረ ካብ'ቲ ብኣብነት ክጥቀስ ዝክኣል እዩ። እንተ'ኹሉ፡ ሽሉልትኡ ተገልገልቲ ኣብ'ዚ መዳይ ኣሰክፊ ከምዝነበረ'ዩ ዝገልጽ። ብፍላይ ኣብ ከም ምጥቃም ዓይኒ ምድሪ ናብ ሕሙም ዝኣተዉ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መግቢን መስተን ካልእን፡ ተገልገልቲ መማርሒታት ናይ'ቲ ሆስፒታል ብምጥሓስ ብዙሕ ሽሉልትኡ ደርአ ነይሩ። እዚ ንምውጋድ ከኣ፡ ኮሚቴ ምክልኻል ረኽስታት ከም እትቐውም ተገይሩ። እዛ ኮሚቴ ጽሬት ናይ'ቲ ሆስፒታል ድማ፡ መዓልታዊ እናዘወረት፡ ንኩሉ ክፍልታት ናይ'ቲ ሆስፒታል ብዕቱብ ጽሬቱ ትካታተል። እዚ ስጉምቲ ዓቢ ወጽኢት ኣምጺኡ። ብምህላው፡ ብስሩዕ ምክትታል እናተገብረሉ ይቕጽል ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ብመራሕነት ናይ'ታ ኮሚቴ ጽሬት፡ ቀጽሪ ሆስፒታል ደቀምሓረ ኣብ ክልተ ሰሙን ሓደ ግዜ ጽሬት ከምዝካየደሉ ይግበር።

ሆስፒታል ደቀምሓረ፡ ድሕሪ ሰዓት



ዶ/ር የሴፍ የማነ

ኣርባዕተ ድሕሪ ቀትሪ፡ ስሩዕ ናይ ፕራይቨት ኣገልግሎት ይህብ እዩ። እዚ ከኣ ኑየም ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት መጺኦም ኣገልግሎት ክረኽቡ ዘይክኣሉ ካልኣይ ግዜ ዕድል ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ። ብተወሳኺ፡ ክፍሊ ህጹጽ ረዲኤት፡ ሆስፒታል ደቀምሓረ ን24 ሰዓታት ክፉት እዩ።

መጻኢ መደባት ሆስፒታል ደቀምሓረ ኣዚ ዝስዕብ ይመስል። እቲ ብቐዳምነት ተሰሪዑ ዘሎ ኑቲ ኣብ ክፍሊ መወለዲን ህጹጽ ረዲኤትን ዝርአ ጸበት ናይ ገዛ ምፍታሕ እዩ። ቀረብ ጸዓት ናይ'ቲ ሆስፒታል ን24 ሰዓታት ከምዝህሉ ምግባር'ውን ዝስርሓሉ ዘሎ ዕማም ናይ'ቲ ሆስፒታል እዩ። ካልእ፡ ክፍሊ ፊዝዮተራፒ ኣብ መደበር ጥዕና ደቀምሓረ ስለ ዝርከብ፡ ንዕኡ ዝኸውን ህንጻ ተሰሪሑ ናብ ሆስፒታል ደቀምሓረ ዝጸንበረሉ ስራሕ ክካየድ እዩ። ንኣብኣት ሆስፒታል ደቀምሓረ፡ ኣብ እዋን ስራሕ ንደቀን መውዓሊ ዝኸውን ክፍልታት ክቐውም ድማ ንድሪ ኣሎ። ከምኡ'ውን፡ ንኣደታትን ምስ ማህጸን ዝተኣሳሰር ጸገማትን ኣገልግሎት ዝህብ መሐኸሚ ተመላላሲ ሕሙማት (OPD) ምኽፋት መደብ ተታሒዙ ከምዘሎ መዲካል ዳይረክተር ሆስፒታል ደቀምሓረ ዶ/ር የሴፍ የማ ይሕብር።



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ኮመዲ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሓፈሻዊ ውድድር ቡያ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ተክ ኢንሳይት |
| 15:00 | ዶክመንት |
| 15:45 | ፓኖራማ |
| 16:10 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:18 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:05 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፈ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም መስተንክር |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ሴላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እትመት |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ሰላማዊት ኣስመሮም ኣርኣያ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳሙኤል ሳህሉ፡ ንግኻ ዝምልከት ናይ ሞግዚትነት ጉዳይ ይሕደድ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ርብል ብርሃ ኪዳ፡ ኣቦይ ብርሃ ኪዳ ተሰፉ ስለዝተሰወኡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

መሓሪ ጎይትኦም ሃብተማርያም፡ ኣደይ ለተንሳኤ ገብረሂወት ወልደገርግሽ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ቶማስ ካሕሳይ ተወልዱ፡ ኣደይ ወ/ሮ ኢትዮጵያ ሃብተ ጉብሳ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ካሕሰ ኣብረሃ ገብረጻድቕ ምባል ተረፉ፡ ኩሓሰ ኣብርሃ ገብረጻድቕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሕርይቲ ካሕሳይ፡ ተኸሰስቲ 1.ሸዊት ነጋ ተኽለ 2. በረኸት ነጋ ተኽለ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ኣብ ልዕሌኹም ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳል ኣቶ ሚሮን ኪዳ ወልደትንሳኤን ብፍ/ሰ/ዕዳ ወረ/ፍ ያሲን ኑርሑሴን ብደሆ 1.ሃና ያሲን ኑርሑሴን 2.መሓመድ ያሲን ኑርሑሴን 3.ቢላል ያሲን ኑርሑሴን 4.ብደሆ ያሲን ኑርሑሴን 5.ሳሚ ያሲን ኑርሑሴን 6.መርየም ያሲን ኑርሑሴን 7.ሱዓድ ያሲን ኑርሑሴን 7.ሱዓድ ያሲን ኑርሑሴን 8.ሱሄር ያሲን ኑርሑሴን 9.ፈርዶስ ያሲን ኑርሑሴን 10.ሙና ያሲን ኑርሑሴን 11.ራሓፍ ያሲን ኑርሑሴን ከምኡ'ውን ኣቶ ሓሰን ኣሰይድ ዓሊሓሰን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን1/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ሄዋን ጋይም ብርሃ ብፍ/ሰ/ዕዳ 1.ኣቶ መሓመድ ሰሌማን ዓብደላ 2.ዘይነብ ሳልሕ ዓብደላ ዘሎ ናይ ፈጻሚ ክርክር፡ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን2/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ሰሚራ ቴድሮድ ገብረሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሰሚራ ቴድሮስ ጊላሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ልዋም ተኽለማርያም ምባል ተረፉ፡ ልዋም ተሰፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ናግዬት ማሰፍን ገብረዝጊ፡ ኣቦይ ማሰፍን ገብረዝጊ ሮኾሩ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ፊልሞን ዑቕባሚካኤል መብራህቶም ምባል ተረፉ፡ ፊልሞን ዑቕባሚካኤል መብራህቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ንግስቲ ብርሃ ተሰፋማርያም፡ ብዓል ቤተይ ተኸስተ ሓደሽ ካሕሳይ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፊሊሞን ሙሉጌታ ምባል ተረፉ፡ ሰምኦን ሙሉጌታ ንርኣዮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ገዐይ ሃብተማርያም ተወልደ፡ ብዓል ቤተይ ሞገሰ ሃይለ ተኽለ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቀ ደማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ደርማሉም ሃብተ ተሰሙ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃብቶም ተኽለ ይሕደጎ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ወ/ሮ ፋኑስ ሃይለማርያም ሓደራ፡ ስም ኣደይ ጎሃይ መንግስ መዛግን ምባል ተረፉ፡ በለጸት ተሰፉ ደሱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣዜብ ገብረስላሴ፡ ተኸሰስቲ ወረስቲ ነፍ/ኣቶ ተሰፉጋብር ኣበራ 1.መድሃኔ ክርስ 2.ሰላም ክርስ 3.ሰመረ ክርስ 4.የውሃንስ ክርስ 5.ፍትሓዊት ክርስ 6.ርግኣት ክርስ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ደርጋኣለም ዘራኣብሩኽ ተኽሉ፡ ተኸሳሲ ፍስሃ ገብረሚካኤል ደባስ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ወ/ሮ ግደይ በርህ ገብረሚካኤል፡ ጓለይ የርጋለም ተሰፉይ በርህ ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ወረሲታ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ወልደማርያም ኪዳ፡ ብዓል ቤተይ ኣስመሮም ኣብርሃም ተሰፋሚካኤል ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተሰፋማርያም ኣብርሃም ባህታ ምባል ተረፉ፡ ተሰፋማርያም ኣብርሃም ባሃረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ የሴፍ ክብርኣብ፡ ስም ሰወእ ብዓል ቤተይ ተሰፋገርግሽ ገደሎ ጉብሳ ምባል ተረፉ፡ ተሰፋገርግስ ገሉ ቡግሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኮኾብ ገብረዝጊ ዑቕበ ምባል ተረፉ፡ ኣሮን ገብረዝጊ ዑቕበ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ዓብዱ ሳልሕ ኣደም ምባል ተረፉ፡ ዓብዱራሕማን ሳልሕ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ወ/ሮ ኣልጋሽ ተኽለሃይማኖት ሃብተሚካኤል፡ ወደይ ጎይትኦም ርእሶም ወልደስላሴ ስለዝተሰወአ፡ ውላድ ይኹን ሓዳር ስለዘይብሉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲቱ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡


### ንኹሉም ገያሾ መገዲ ኣየር ኢትዮጵያ

ከም ዝፍለጥ፡ መገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ካብን/ናብን ኤርትራ ዝንቀሳቐሱ ገያሾ፡ ከውርዶ ዝጸንሐን ዘሎን ዘይንበር ንግዳዊ ንጥፈታት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ስልዒት ዘይፍትሓውን ዘይርትዓውን ናህሪ ዋጋታት፡ ምስራቑ፡ ምዕናው፡ ምጥፋእ፡ ክቱር ምድንጓያት ባልጃታት ገያሾን ካልእን ኣብ ግምት ብምእታው፡ መገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ጉድለታቱ ከእርምን ንግዳይት ካሕሳ ኪኸፍልን ብወገን በዓል መዚ ሲቪል ኣቪየሽን ዝቐረበሉ ሕቶ ዕሸሽ ብምባሉ፡ መገዲ ኣየር ኢትዮጵያ፡ ካብ ዕለት 30 መስከረም 2024 ጀሚሩ ካብን/ናብን ኤርትራ ከካይዶ ዝጸንሐ በረራታት ክቋረጽ ተወሲኑ ኣሎ፡፡
ስለዝኾነ፡ ኩሉኹም ገያሾ መገዲ ኣየር ኢትዮጵያ፡ ጉዕዞኹም ከይሰናኸል ምእንቲ፡ ብኣዋኑ ኣማራጺታት ከተናድዩ ንመኽር፡፡

በዓል መዚ ሲቪል ኣቪየሽን ኤርትራ ኣስመራ

ኣቶ ሃብተ መሓሪ ሃይሉ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ መሸጣ ናውቲ ስፖርት ንግዳዊ ትካሎም "ኦኣሰስ ሓፈሻዊ መሸጣ ናውቲ ስፖርት" "OASIS GENERAL SPORTS SHOP) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለ ዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም እንምዝግቦ ንፈልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ዘኽብሮ ብዓል ቤተይ ኣቶ ኣይንኣለም ኣርኣያ፡ ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ማዕረባ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ተሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

በ/ቤቱ ወ/ሮ ለተሚካኤል ኪዳ
ደቁ ሰምሃርን ምስጋናን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ፍትውቲ ብዓልቲ ቤተይ ሊድያ ርእሶም፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ኣብ ጎንና ዝኾንኩም፡ ኣብ ወኪ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ተሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን፡፡

ብዓል ቤታ ጺጋዝኣብ ወልዱዩ
ደቀይን ምሉኣት ስድራቤትን፡፡

ብስም ግደይ በላይ መኮንን ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋጊን ASL00039557 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና 176-2 ቁ.ገዛ 11 ዝርከብ ናይ ቤት ማስተን ፋሰት ፋድን ትካለይ ንወ/ሮ ትዕግስቲ ኣለም ዑቕባዝጊ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎጀረት ጎደና እምባረሚ ቁ.ገዛ 48 ካብ ዕለት 01/06/24 ክሳብ ዕለት 31/05/2025 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ግደይ በላይ መኮንን

ኣነ ዓንደሚካኤል ከበደም ተኽለዝጊ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ሰምበል ከባቢ/ዚፕ-ኮድ ሰምበል 1A867 ጉደና 867-25 ፕሎት 105 ፓርሰል O ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ብመለለይ ቁጽሪ ንብረት 1:006018 ብዕለት 20/01/2011 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላልፎ ስለ ዘደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡

ኣቶ ዓንደሚካኤል ከበደም ተኽለዝጊ
ወኪል ወ/ሮ ማና ከበደም

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ እምባደርሆ ብቁ/ፍቓድ ዋጊን ASL00038986 ናይ በልያርዶ ትካለይ ኣቶ ደባስ ሃብተገርጊሽ ኣስካለ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ እምባደርሆ ብዕለት 28/2/2024 ቁ.መዝገብ 97/2017 ብወህብቶ ስለ ዝሃብኩ፡ ብስም ወለቢት ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስመይ ወህብቶ ተረኪቢት ከምዝመሓላለፍ ንፈልጥ፡፡

ፈየሪ ኣልኣዛር ሰመረ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ውድድር ኵዕሶ መርበብ ይቕጽል

ሃገራዊ ውድድር ኵዕሶ መርበብ ትሕቲ 16 ዓመት፡ ትማሊ ረቡዕ'ውን ቀጺሉ ውዒሉ።

ፈለማ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ክጻወታ እንከለዋ፡ ጋሽ ባርካ ነታ ዝባ ማእከል ዝወከለት ደምበ ሰምበል 2ብ0 ሰዒራታ። ደቡብ'ውን ብተመሳሳሊ ንደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ 2ብ0 ብምስዓር ንኻልኣይ ግዜኣ ተዓዊታ። ኣባላ የሃና ተሾመ ብሉጽ ብቕዓት ከተንጸባርቕ እንከላ፡ ሓለቓ ጋንታ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ሃዋ ማሕሙድ ከኣ ንጋንታኣ ኣብ ምውህሃድን ብሉጽ ምንቅስቓስ ብምክያድን ካብ ተዓዘብቲ ናእዳ ረኺበን። ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ዞባ ማእከል ጋንታ ባሕቲ ማስከረም ንዓንሰባ 2ብ0 ብምስዓር ፋልማይ ዓወት ኣመዝጊባ።



ኣብ ጸወታታት ደቂ ተባዕትዮ፡ ናይ ዞባ ማእከል ጋንታ ደምበ ሰምበል ንደቡብ፡ ማእከል (ባሕቲ ማስከረም) ንደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ከምኡ'ውን ጋሽ ባርካ ንዓንሰባ ብተመሳሳሊ 2ብ0 ኣሰኒፈናአን።

እዚ ውድድር፡ ለሚ ሓሙሽ'ውን ካብ 7፡00 ቅድሚ ቀትሪ ጀሚሩ ብኽልቲኡ ጾታ ቀጺሉ ክውዕል እዩ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ጸወታ ደቂ ኣንስትዮ፡ ማእከል (ባሕቲ ማስከረም) ምስ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ደቡብ ምስ ማእከል (ደምበ ሰምበል)፡ ጋሽ ባርካ ምስ ዓንሰባ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጸወታታት ድማ፡ ጋሽ ባርካ ምስ ደቡብ፡ ማእከል ( ጋንታ ደምበ ሰምበል) ምስ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ማእከል (ጋንታ ባሕቲ ማስከረም) ምስ ዓንሰባ ክገጥማ ምዃነን ካብቲ ፌደረሽን ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

## ዕጫ ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥን ወዲቑ

ዕጫ ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል 2023-24፡ ትማሊ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ወዲቑ።

እዚ 16 ጋንታታት ሓዙ ዘሎ ውድድር፡ ሸሽሞንተ ጋንታታት ኣብ ክልተ ምድባት 'ሀ'ን 'ለ'ን ተኸፋፊሉ እዩ ክሰላሰል። በዚ መሰረት፡ ኣብ ምድብ 'ሀ' ዘለዋ ፓራዲዞ፡ ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ገጀረት፡ ሓይሊ ባሕሪ፡ ሓይሊ ኣየር፡ ኣኽርያ፡ ደንደንን ጸጸራትን ተመዲበን ኣለዋ። ኣብ ምድብ 'ለ' ከኣ ማይ ተመናይ፡ ቲራቮሎ፡ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ግዘ ባንዳ፡ ጥራትን ዘራእትን፡ መረብ ሰቲት፡ ሰምበልን ንጉዳዊ ባንኪ ኤርትራን እየን።

እዚ ውድድር፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ናይ ትካላት ጋንታታት ተወሲኸናኦ ካብ 10 ናብ 16 ጋንታታት ክብ ኢሉ ኣሎ። ናይ ቀዳማይ ዙርያ ጸወታ ጥራይ ዝዕደላ እዘን ጋንታታት፡ ካብ ክልቲኡ ምድባት ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ኮይነን ዝሓለፋ ኣርባዕተ ጋንታታት ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ግጥማት ክኻየድ እዩ።

እዚ ውድድር፡ ቀዳም 27 ሓምለ ኣብ ስታድዩም ካምፖ ቺቸሮ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ክፍለም ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

ሮቤል በረኸት

## ኢንዞ ማረስካ፡ ጉዳይ ፈርናንደዝ ጸገም ከምዘይብሉ ገሊጹ

ኣሰልጣኒ ቸልሲ ኢንዞ ማረስካ፡ ብቡዳይ ዓሌትነት ተኸሲሱ ዘሎ ኣኸፋፋሊኡ ኢንዞ ፈርናንደዝ፡ ዝመጽእ ሰሙን ንልምምድ ናብኡም ኣብ ዝጽምበረሉ፡ ጸገም ዘለዎ ኮይኑ ከምዘይስምዖ ገሊጹ። ወዲ 23 ዓመት ኣርጀንቲናዊ ኣኸፋፋሊ እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ ኢንዞ ፈርናንደዝ፡ ድሕሪ'ቲ ሃገሩ ንኮፓ ኣመሪካ 2024 ምዕዋታ ሰዒቡ፡ ንተጻወትቲ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ዝጸርፍ ዓሌታዊ መዝሙር ዘሚሩ ተባሂሉ ኣደዳ ወቐሳ ኮይኑ ምቕናዩ ይፍለጥ። ትሕዝቶ ናይ'ቲ መዝሙር፡ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ዝርከቡ ተጻወትቲ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ዓሌት ዝመጹኡን ሕውስዋስ ሕብሪ ቀርበት ዘለዎምን ዝብል ብምንባሩ'ዩ ኢንዞ ንዓሌትነት ዝትንክፍ መዝሙር ዘሚሩካ ተባሂሉ ዝተቓቕፈ። ፈረንሳ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ኣብ ፍርቂ ፍጻመ በጺሓ ብኣሰዳና 2ብ1 ከምዝተሳዕረት ኣይርሳዕን። ኣርጀንቲና ድማ ንኮሎምቢያ 1ብ0 ኣሰኒፋ ንጽዋእ ኮፓ ኣመሪካ 2024 ንመበል 16 ግዜኣ ኣልዒላታ። ኢንዞ ድሕሪ ዓወት ሃገራዊት ጋንታኡ'ዩ ነዚ ዓሌታዊ መዝሙር ከቃልሕ ዝተሰምዐ። እዚ ኣርጀንቲናዊ ኣኸፋፋሊ ቸልሲ፡ ካብ ደቂ ጋንታኡ ተረር ነቐፌታ ክመጽኦ እንከሎ፡ ፈረንሳዊ ናይ ማእከል ተኸላኻሊ ቸልሲ ወስሊ ፎፋና፡ ኣብ ናይ 'ኢንስታግራም' ናይ ማሕበራዊ መራኸቢ ሕሳቡ፡ ኢንዞ እናዘመረ ዘርኢዩ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ኣሰንዩ 'ዘይሓፍር ኣፈላላይ ዘርኢ' ክብል ለጢፉ ነይሩ።

ፈሩ፡ ነዚ ጉዳይ ከጽርዮ ምትእትታው ከምዝገበረ ይግለጽ። ኢንዞ ፈርናንደዝ'ውን ድሕሪ'ቲ ፍጻመ ይቕረታ ሓቲቱ እዩ። ኣብ ወርሒ ግንቦት ሓድሽ ኣሰልጣኒ ቸልሲ ኮይኑ ዝተሸመ ኢጣልያዊ ወዲ 44 ዓመት ኢንዞ ማረስካ፡ ነዚ ጉዳይ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ድማ፡ ኢንዞ ዝሓተቶ ይቕረታ ከምዝሓለፈ ገሊጹ።





ጉዳይ ይቕረታ ከምዝሓተተሉን ቸልሲ'ውን ተመሳሳሊ ይቕረታ ከምዝሓተተትን ገሊጹ። ነቲ ኩነታት ከተዓባብዮዎ ከምዘይብሎምን ንጹር መልሲ ከምዝተዋህቦን እውን ኣረጋጊጹ።

እዚ ኣሰልጣኒ ተመሳሳሊ ጉዳይ ዓሌትነት ኣብ ውሽጢ መሳርዕ ቸልሲ ኣሎ እንተኾይኑ ምስ ተሓተተ ዝሃቦ መልሲ ድማ፡ "ኣይመስለኒ ከሎም ተጻወትቲ ደቂ ሰብ እዮም። ኣብ ውሽጢ ቸልሲ ሕማቕ ኣረኣእያ ዘለዎ ተጻዋታይ የለን።" ክብል መለሰ። ማረስካ ወሲኹ፡ ፈርናንደዝ ምስ ተመልሰ ዝኾነ ኣሉታዊ ስምዒት ከምዘይህሉ ብተለፎን ምስ ፈርናንደዝን ምስ ካልኦት ኣባላት ቸልሲን ከምዝተዛረበን ገሊጹ። ናብ መሳርዕ እዛ ጋንታ ኣብ ናይ ምሕዝነታዊ ጸወታታት ክምለስ ጸገም ከምዘይብሉ ድማ ሓቢሩ።

ኣብ ትሕቲ ኢንዞ ማረስካ ቀዳማይ ሓለቓ ጋንታ ምዃኑ ዝተሓበረ ተኸላኻላይ ቸልሲ ሪይስ ጀምስ እውን ብወገኑ "ኢንዞ ክኣ ሕጂ ናብ ጋንታና ኣይመጸን ዘሎ። ዝኾነ ስክፍታ ከይፈጥር ድማ ነዚ ጉዳይ ባዕለይ ክከታተሎ እየ። ተሰፉ እገብር ድማ ከሎ ኣባል እዛ ጋንታ ብሓባር ንቕድሚት ክንኸይድ። ምስ ኢንዞ ተዛሪበ እየ። ከሎ ኣባል ድማ ይፈልጥ እዩ፡ ናይ ገዛና ጉዳይ ስለዝኾነ ኣብ ገዛና እዩ ዝተርፍ።" ኢሉ።

## ዲያቢ ናብ ሊግ ስዑዲ . . .

ወዲ 25 ዓመት ፈረንሳዊ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ኣስቶን ቪላ ሙሳ ዲያቢ፡ ናብ ክለብ ኣል-ኢትሓድ ብ50.4 ሚልዮን ፓውንድ ተሰጋጊሩ። ትማሊ ረቡዕ ሕክምናዊ መርመራ ክገብር ናብ ስዑዲ ዓረብ ዝበረረ ዲያቢ፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣብ ቪላ ፓርክ ምጽንሑ እዩ፡ ናብቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ስሙያት ተጻወትቲ ኣብ ምምዕዛዝ ዝሰርሐ ዘሎ ሊግ ስዑዲ ዝሰጋገር ዘሎ። ዝሓለፈ ክረምቲ ካብ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ለቨርኩሰን - ብኽብረ ወሰን ዝሓዘ መጠን ምስጋጋር 51.9 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ኣስቶን ቪላ ዝመጸ ዲያቢ፡ ኣሰልጣኒ ቪላ ኡናይ ኤምሪ ስለዘይዕገበሉ እዩ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ናብ ስዑዲ ዝሰዶ ዘሎ። መተካእታ እዚ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ድማ፡ ነቲ ዓሚ ዝሸጠቶ እንግሊዛዊ ወዲ 22 ዓመት ጃደን ፊሎጂን ዳግማይ ብ13.5 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሃል ሲቲ ኣፈሪሞቶ ኣላ።



ኣብዚ ክረምቲ ኣብ ምትዕርራይ መሳርዓ ተጸሚዳ ዘላ ቪላ፡ ንብራዚላዊ ኣኸፋፋሊ ዶግላስ ልዊስ ናብ ጁቬንቱስ ብ42.4 ሚልዮን ፓውንድ ሸይጣ፡ ቅድሚ ሰለስተ ሰሙናት ንሳሙኤል ኢሊንግ ጁኒየር ምስ ኢንዞ ባረኔቸያ ካብ ጁቬንቱስ ኣፈሪማ። ንናይ ጸጋም ተኸላኻሊ ቸልሲ ላን ማትሰን፡ ብ35 ሚልዮን ፓውንድ፡ ከምኡ'ውን ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ልዊስ ዶቢን ካብ ኤቨርተን ብትሽዓተ ሚልዮን ፓውንድ ኣፈሪማ። ብቕድሚ ትማሊ ሰሉስ ከኣ፡ ብ50 ሚልዮን ፓውንድ ንኣኸፋፋሊ ኤቨርተን ኣማዱ ኦናና ኣፈሪማ ኣላ።

## ቅንጥብጣብ

* ኣጥቃዓይ ማን ዩናይትድ ራስሙስ ሆይሉንድ፡ ኣብዘ ትመጽእ ወርሒ እትጅመር ሓዳስ ዓመተ-ስፖርት 2024-25፡ ቁጽሪ 9 ክለብስ ምዃኑ ጋንታኡ ኣፍሊጣ።

ዝሓለፈ ዓመት ካብ ኣታላንታ ናብዛ ጋንታ ዝተጸምበረ እዚ ደኒማርካዊ፡ ቁጽሪ 11 ለቢሱ ምጽዋቱ ይዝከር። ምስ ምውጻእ ኣንቶኒዮ ማርሻል ከኣ ንቑጽሪ 9 ተቐቢሉዋ ኣሎ።

ማን ዩናይትድ፡ ንሓዳስ ዓመተ-ስፖርት 2024-25 ፕሪመር ሊግ፡ ዓርቢ ምሸት 16 ነሓሰ ምስ ፉልሃም ብምግጣም እያ ክትምውስ።

* ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ ፐፕ ጓርድዮላ፡ ሓላዊ ልዳቱ - ኤደርሰን ኣብዚ ክረምቲ ኣብዛ ጋንታ ክጸንሕ ምዃኑ ርግጸኛ ከምዘይኮነ ገሊጹ።

እዚ ብራዚላዊ፡ ካብ ክለባት ስዑዲ ዓረብ ተገዳስነት ረኺቡ ምህላዉ ይሕበር። በዚ ከኣ ናብቲ ህጡር ገንዘብ ዝሕፈሰሉ ዘሎ ሊግ ክቕንዕ ከምዝኽእል ይእመት። ጓርድዮላ፡ "ክጸንሕ እየ ዝደልዮ፣ እንተኾነ ኣብዘን ካልኦት ክለባት እዩ ዝምርከብ" ብምባሉ ከኣ ናይ ምውጻእ ተኽእሎኡ ዝለዓለ ይመስል።

* ብኣርሰናል ክህደን ዝጸንሐ ተኸላኻሊ ቦሎኛ ሪካርዶ ካላፊዮሪ፡ ኣባላ ክኸውን ምዃኑ ዘጠራጥር ከምዘየለ ተሓቢሩ።

ኣርሰናል፡ ነዚ ወዲ 22 ዓመት ኢጣልያዊ ንምውናኑ፡ መስርሕ ኣብ ምጽፋፍ ከም እትርከብ እዩ ዝግለጽ።

## ማርሴ፡ ንሆይበርግ ብልቓሕ ተሰጋጊሩ

ፊደል ገብረሂወት

ፈረንሳዊት ክለብ ማርሴ፡ ንኣኸፋፋሊ ቶተንሃም ዴንማርካዊ ሆይበርግ ንዓመት ውድድር 2024-25 ብልቓሕ ኣብ መሳርዓ ክጸንሕ ከም ዘሰጋገረቶ ተሓቢሩ። እዚ ስምምዕ ብዘውሳኸ፡ እዚ ተጻዋታይ፡ ኣብ መጸኢ ብቐዋሚ ናብዛ ክለብ ክጽምበር ዝፈቅድ ምዃኑ፡ ዋጋኡ ድማ ክሳብ 17 ሚልዮን ፓውንድ ክበጽሕ ከም ዝኽእል ይግለጽ።

ሆይበርጉ ኣብ 2020 ካብ ሳውዝሃምፕተን ናብ ቶተንሃም ብ15 ሚልዮን ፓውንድ ምስጋገሩ ይዝከር። ኣቡቲ እዋን ኣሰልጣኒ ናይ'ዛ ጋንታ ዝነበረ ሆሴ ሞሪኖ ድማ፡ ብዝዮዮኡ ክጥቀመሉን ኣብ ዓይኒ ብዙሓት ዓበይቲ ክለባት ዘእትዎ ብቕዓት ከምጽእን ሓጊዝዎ እዩ።

ድሕሪ ምስንባት ሞሪኖ ብርኡይ ኣገዳስነቱ





ዝጎደለ ሆይበርግ፡ ዝሓለፈ ዓመት ንኣብነት ኣብ ኩሉ ውድድራት ኣብ 39 ግጥማት ክሰለፍ እንከሎ፡ ኣብ 10 ግጥማት ጥራይ እዩ ካብ ፈለማ ተሰሊፉ። ናይዚ ምኽንያት ድማ፡ ዓላሚ እዛ ሰሚን ለንደናዊት ክለብ ዝኾነ ኣንግ ፖስተኮግሉ ንብሶማን ፓፕ ሳርን ክቕድም ብምምራጹ ምዃኑ ይፍለጥ።

ንመስመር ምክፍፋሉ ኣብዚ ክራማት ከሓይል ወጢኑ ዘሎ ፖስተኮግሉ፡ ክሳብ ሕጂ ንኣርቼ ግረይ ካብ ሊድስ፡ ከምኡ'ውን ሉካስ በርግቫል ካብ ሽወደናዊት ክለብ ጁርጋርደንስ ኣፈሪምዎም ኣሎ።

ኣብ ናይ ተሃድሶ እዋን እትርከብ ክለብ ማርሴ'ውን ብወገና፡ ድሕሪ እቲ ንኢጣልያዊ ናይ ቅድም ዓላሚ ብራይተን ሮቤርቶ ደ ዘርቢ ምቑጻራ፡ ወጽኢታዊ ዝኾነ መስርሕ ምስጋጋር ከተካይድ ትርኢ ኣላ። ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ ንመይሰን ግሪንዉድ ከተምጽኦ እንከላ፡ ካብ ዋትፎርድ ድማ ን 'ኢስማኢል ኮነ' ኣባላ ገይራቶ ኣላ። ብመሰረት ምንጪታት'ውን ማርሴ፡ ንኣጥቃዓይ ኣርሰናል ኤዲ ንኬይታህ ዓይኒ ኣውዲቓትሉ ትርከብ።

### መደብ ጸወታ

ለሚ

ሻምፕዮን ሱፐር ድቪዥን 'ኤ'

ዞባ ማእከል

ኩባንያ ሰምበል - ጎዳይፍ

12፡00 ድ.ቀ

ግዘ ባንዳ - ኣሊታሕረር 2፡00 ድ.ቀ

ኩባንያ ሰገን - ኣስመራ በራ

4፡00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ምርያም ኣብርሃም

## ዳይረክተር ጸጥታ ኣመሪካ ካብ ስልጣና ወሪዳ

ዳይረክተር ጸጥታ ኣመሪካ ኪም ቺትል - ካብ ስልጣና ከምዝወረደት፡ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ሓቢረን።

እታ በዓልቲ ስልጣን ካብ ስልጣና ክትወርድ ዝተገደደትሉ ምኽንያት፡ ብ13 ሓምለ ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካኣዊ ዶናልድ ትራምፕ ንዝተኻየደ ፍሹል ፈተነ ቅትለት ኣብ ምግታእ፡ ድኽመት ጸጥታዊ ስራሓት ድሕሪ ምርኣዩ እዩ።

እቲ ፈተነ ቅትለት፡ ብሰንኪ ጉድለት ኣባላት ጸጥታ ኣመሪካ ከምእተራእየ ሳዕለምት ሰብኡማዚ ኣመሪካ ድሕሪ ምውቃሶም፡ ኪም ቺትል ምሉእ ሓላፍነት ከምእትወስደሉ ብምእማን እያ ስልጣና ሓዲጋ።



ድሕሪ ፈተነ ቅትለት ትራምፕ፡ ኪም ቺትል ዝተሰከሙቶ ሓላፍነት ብግቡእ ኣይዓጸየትሉን ዝበሉ ኣባላት ክልቲኡ ሰልፊ ረፓብሊካንን ዲሞክራትስን፡ ካብ ስልጣና ክትወርድ ክጽውዑ ምጽናሖም እየም ጸብጻባት ዝጠቕሱ።

ፕረዚደንት ጆ ባይደን፡ ኣብ ዝመጽእ መዓልታት ሓድሽ ዳይረክተር ጸጥታ ከምዝመርጽ ብምግላጽ፡ ኪም ቺትል ኣቓዲማ ንዘበርክቶ ኣበርክቶ ኣማሲኒኑ።

ምክትል ዳይረክተር ጸጥታ ኣመሪካ ኮይኑ ከገልግል ዝጸንሐ ሮናልድ ሮው - ንግዚኡ ኣብ ስልጣን ከምዝርከቦ ተፈሊጡ።

ንሱ ኣብ ዝተፈላለዩ ጸፍሒታት ሓላፍነት ጸጥታ ን27 ዓመታት ከተገልግል ድሕሪ ምጽናሓ፡ ፕረዚደንት ጆ ባይደን ኣብ 2022 ከም ዳይረክተር ትካል ጸጥታ ኣመሪካ ኮይና ከተገልግል ከምዝረቖሓ ጸብጻባት የረድኡ።

## ቻይና ንወቐሳ ኣመሪካ ትነጽግ

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ብጉዳይ ኣርክቲክ ካብ ኣመሪካ ንዝቐርበላ ዘሎ ወቐሳታት ከምዘይትቕበሎ ገሊጻ።

ቻይና፡ ምስ ሩስያ ብምትሕብባር ኣብ ኣርክቲክ ናይ ዳህሳስን ምርምርን ንጥፈታት ብምክያዳ እያ - ኣመሪካ ወቐሳታት ኣሰሚዓ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ብመንገዲ ኣፈኛኡ ኣብ ዝሃገሓ መግለጺ፡ እቲ ብኣመሪካ ተደጋጊሙ ዝፍኖ ዘሎ ወቐሳታትን ክስታትን መሰረት ከምዘይብሉ የገንዘበ።

ሃገሩ ኣብ ማያት ኣርክቲክ ሕጋዊ ንጥፈታት ተካይድ ከምዘላ ዘመልከተ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ምክልኻል ቻይና፡ ካብ ወገን ኣመሪካ ምስ ኣህጉራዊ ሕጊ ዘጻረር ምትኽታኽ ይግጥማ ከምዘሎ፡ እዚ ድማ ናብ ዘይተደልየ ሳዕቤን ከምርሕ ዝኽእል ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

ኣብ ዝሓለፈ እዋናት፡ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ፈደራሽን ሩስያን - ኣብ ማያት ኣርክቲክ ዘካይዳኦ ንግዳውን ካልእን ዳህሳስ ንምዕባይ ብሓባር ክሰርሓ ምስምማዐን ዝዝከር እዩ።

ኣብ ዞባ ኣርክቲክ ዘሎ በረድ ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ እናመኸኸ ኣብ ዝመጽእሉ ዘሎ እዋን፡ ኣመሪካን ሩስያን ዝርከብኦን ሓያላ ሃገራት ኣብቲ ዞባ ልዑል ጠመተ ገይረን ይሰርሓ ምህላወን ምንጭታት ይሕብሩ።

ኣብዚ እዋንዚ ዝምድና ቻይናን ሩስያን እናተረረ ይመጽእ ከምዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ሩስያ ናብ ቻይና እትልእኾ ሰደድ ነዳዲን ጋዝን - ብዓጸፌ መጠን ክብ ከምዝበለ፡ ኣምሲያኡ ድማ - ቻይና ኑቲ ብሩስያ ኣብ ኣርክቲክ ዝካየድ ዳህሳስ ተጸንበራቶ ምህላዋን ይጥቀሱ።




## ኔፓል - 22 ተሳፈርቲ ብሓደጋ ነፋሪት ሞይቶም

ኣብ ከተማ ካትማንዱ፡ ዋንኡ 'መንገዲ ኣየር ሳውርያ' ዝኾነት ነፋሪት ኔፓል፡ ንበረራ ኣብ እትብገሰሉ ዝበረት እዋን ብምብራዑ፡ ብዘይካ ኣብራሪኣ - ኣብኣ ዝነበሩ 22 ተሳፈርትን ሰራሕተኛታታን ከምዝሞቱ ማዕከናት ዜና ገሊጸን።



እታ 23 ሰባት ጸዒና ዝበረት ነፋሪት፡ ዛጊት ጠንቁ ብዘይተነጸረ ምኽንያት እያ - ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ካትማንዱ ተቓጺላ።

ትካል ኣቪየሽን ኔፓል - ዋላ ደኣ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣገልግሎቱ እናኣዐበየ ይመጽእ ከምዘሎ ዝገልጽ እንተኾነ፡ ኣብ'ቲ ኣቪየሽን ትሑት ደረጃ ድሕነት ምህላዉ እዩ ዝነገር።

ሕብረት ኤውሮጳ ዜጋታት ኔፓል ዝኾኑ ኣብረርቲ - ኣብ ክሊ ኣየር ኣባል ሃገራት ናይ'ቲ ሕብረት ከይነጥፉ ምእጋዱ እውን ዝዝከር እዩ።

75 ሚእታዊት ካብ መሬታ ብኽቦታት ዝተሸፈነት ኔፓል፡ ኩሎም እኹላትን እተሰልጥኖም ኣብረርቲ - ብሰንኪ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣኣ ከበድ ናይ ምልምማድ ብደሆ ከምዘጋጥሞም እዩ ዝግለጽ።

ከም ውጽኢቱ - ምኩራት ኣብረርቲ ከይተረፉ፡ ኣብ ግዜ በረራ ተደጋጋሚ ጸገማት ከምዘጋጥሞም ጸብጻባት ይሕብሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ መንገዲ ኣየር ያቲ ዝኾነት ነፋሪት፡ ኣብ ከተማ ፖካራ-ኔፓል ብዘጋጠማ ሓደጋ ምውዳቕ፡ ልዕሊ 70 ሰባት ምማቶም ዝዝከር እዩ።

## ካናዳ - ባርዕ ጫካ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ እናኾነ ይኸይድ

ኣብ ካናዳ ተኸሲቱ ዘሎ ባርዕ ጫካ፡ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ እናኾነ ይኸይድ ብምህላዉ፡ ልዕሊ 25 ሽሕ ነበርቲ ኣባይቶም ሓዲጎም ናብ ካልእ ከምዝገዓዙ ተሓቢሩ።

እቲ ናብ ምዕራባዊ ክፋል እታ ሃገር እናለሓመ ዝኸይድ ዘሎ ባርዕ ጫካ፡ ንኣውራጃታት ኣልበርታን ብሪቲሽ ኮሎምብያን ብዝያዳ ኣጥቂዕወን ከምዘሎ እዩ ዝግለጽ።

እንተላይ ኣብ'ታ ዝያዳ መስሕብ በጻሕቲ ዝኾነት ከተማ ጃስፐር - እቲ ባርዕ ከቢድ ዕንወት ከምዘውረደ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ እቲ ዓመታዊ ልዕሊ 2 ሚልዮን በጻሕቲ ዘእንግድ 'ሃገራዊ ፓርክ ጃስፐር'፡ ብሰንኪ'ቲ ባህርያዊ ሓደጋ ጥርሑ ከምዝተረፈ ገሊጾም።

ዛጊት፡ ኣብ ኣልበርታ ልዕሊ 175 ሓደጋታት ባርዕ ጫካ፡ ኣብ ብሪቲሽ ኮሎምብያ ድማ - ልዕሊ 375 ተመሳሳሊቲ ሓደጋታት ተኸሲቶም ከምዘለዉ ጸብጻባት የመልክቱ።

ካብዚኣቶም እቶም ልዕሊ 275 ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ኮይኖም ከምዘለዉ ዝሓበረ መንግስቲ ካናዳ፡ እቲ ኩነታት እናበኣሰ ይኸይድ ምህላዉ ኣፍሊጡ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ታሪኽ ካናዳ፡ እቲ ዝኸፍአ ሓደጋታት ባርዕ ጫካ ዝተኸስተሉ ዓመት ምንባሩ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ ኣብ'ቲ ሸው ዝተኸስተ ልዕሊ 660 ሓደጋታት ባርዕ - ብውሕዱ 15 ሚልዮን ሄክታር መሬት ከምእተሃምሸ የረድኡ።



## መንግስቲ ባንግላደሽ እዋን እቶ-እቶ ኣዊጁ

መንግስቲ ባንግላደሽ፡ ኣብታ ሃገር ብተመሃሮ ዝተለዓዓለ ተቓውሞ እናገሃረ ብምምጽኡ እዋን እቶ-እቶ ከምዝኣወጀ ኣፍሊጡ።

እቲ ዛጊት ህይወት 150 ሰባት ኣጥፊኡ ዘሎ ተቓውሞን ናዕቢን፡ ብተቓወምቲ ሰልፍታት ከምእተገሃሃረ ዝኸሰሰት ቀዳመይቲ ሚኒስተር ባንግላደሽ ሸኽ ሓሲና፡ መንግስቲ ንድሕነት ህዝቢ ክብል ኑቲ ኣዋጅ ከምዝወጸአ ኣገንዚባ።

ኣብ ባንግላደሽ፡ ብተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ ዝተበገሰ ተቓውሞታት ናብ ጎነጽ ድሕሪ ምምዕባሉ፡ ብውሕዱ 150 ሰባት ከምዝሞቱ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣብ'ቲ ግጭት ካልኦት ብዙሓት ሰባት ቆሲሎም ብምህላዎም ድማ፡ ቁጽሪ ምውታት ክዛይድ ከምዝኽእል ይግመት።

ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ ዘካይድዎ ዘለዉ ተቓውሞታት ፖለቲካዊ ቅልውላው ከምዘስዓበ ዝገለጹ ሰብኡማዚ ጸጥታ ባንግላደሽ፡ ተቓወምቲ ሰልፍታት - ኑቲ ኩነታት ካብ ምግሃዝ ክቖጠቡ ኣተሓሳሲቦም።

ቀንዲ መበገሲ ናይ'ቲ ተቓውሞ፡ መንግስቲ ኣብ ምሕዛእ ዕድላት ሽቕለት ክኽተሎ ዝጸንሐ ፖሊሲታት ምዃኑ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቖጸሩ ሰልፈኛታት፡ እቲ መንግስቲ ካብ ስልጣኑ ክወርድ ይጽውዑ ከምዘለዉ ኣረዲኦም።

ኑቲ ተቓውሞ ንምቊጽጻር ኣሽሓት ኣባላት ፖሊስ ኣብ ጎደናታት ከተማ ዳካ ተዋፊሮም ከምዘለዉ፡ ኩነታት ጸጥታ እታ ከተማ ንድሕነት ኣሰጋኢ ኮይኑ ምህላዉን ምንጭታት ዜና የመልክቱ።

ኣብታ ከተማ ኣገልግሎት ኢንተርነት ምሉእ ብምሉእ ተቛሪጹ ከምዘሎ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ መንግስቲ ባንግላደሽ ሳዕለምት ትካላት ትምህርቲ ክዕጸዋ ከምዝኣዘዘ፡ ኣገልግሎት ሞባይል ቴለፎን ንግዚኡ ደው ከምዝበለ ሓቢሮም።

ብተወሳኺ፡ ኣብ'ቲ ናዕቢ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ መካይን ከምእተቓጸላን ኣብታ ከተማ ሓያሎ ንግዳውያን ትካላት ከምዝዕነዋን ተፈሊጡ።

ባንግላደሽ፡ ብስፍሓት መሬት ንእሽቶ እኳ እንተኾነት፡ ልዕሊ 170 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ኤስያዊት ሃገር እያ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቊ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ ድግሲት ሰላም | 25/07/24 | ጎደና ሰላም ቊ. ገዛ 47 | 122350 |

ፋርማሲ ቊ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቊ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services